# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.10 | ሓሙስ 12 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ. .



ገጽ 4
ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ. . .



ገጽ 5
ምንቀኛን ባህርያቱን



ገጽ 7
ዩኤል፡ ኣብ ጫፍ ዓወት




## ደቡብ - ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ሽልማት ደንደን ተዓዲሉ




ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ (ማትሪክ) 3ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዝሃሙጽኡ 108 ደቂኣንስትዮ ዝርከብዎም 268 ተመሃሮ ኣብ'ት 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሽልማት ደንደን ተዓዲሉ።

ኣብ'ቲ 43 ተመሃሮ ምሉእ 4 ነጥቢ ብምምጻእ ዝተሸለሙሉ፡ ብ4 መስከረም ኣብ መንደፈራ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ 87 ተመሃሮ ብምስታፍ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ቀዳመይቲ፣ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደቀምሓረ ድማ 59 ተመሃሮ ብምሕላፍ ጉበሎ ብምዃን ተሸሊመን።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉበሩ፡ ሽልማት ደንደን ኣካልን መቐጸልታን ናይ'ቲ ብቐዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምሕያል ዝቐየድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ሽልማት - ንንፋዓት ብምትብባዕ ኣብ'ቶም ካልኦት ቅዱስ ቕንኢ ንምፍጣር ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ብወገኑ፡ ተመሃሮ ዝኣተውዎ ዘለዉ ናይ ኮለጅ ህይወት፡ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞ ፍሉይነት ስለዘለዎ፡ ተመሃሮ ዝያዳ ጻዕሪ ከምዝድልዮም ከዮገዝቡ ብምዝኽኻር፡ ተወዲደርቲ ክኾኑ ተላቢዩ።

ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ መምህር ወልዳይ ጉብረ ድማ፡ ሃማመተኤ ዝኻየዶ ዘሎ ንጥፈታት ድሕሪ ምምጓስ፡ ሕብረተሰብ እጃሙ ዘርክቡሉ ባይታ ብምዕዋእ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሰበ።

ብምትሕብባር ሃማመተኤን ሚኒስትሪ ትምህርትን ዝወደብ ምዕዓል ሽልማት ደንደን፡ ሎሚ ዓመት ንኻይ ግዜኡ ዝተዓደለ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ን268፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ን345 ተመሃሮ ተዓዲሉ ምንባሩ ዝዘከር'ዩ።

ብደረጃ ዞባ ደቡብ፡ ምስ መበል 36 ዙርያ ትምህርቶምን ሃገራዊ ግቡኦምን ንምግዛዝም ንሳዋ ካብ ዝወረዱ ተመሃሮ 11 ክፍሊ፡ 617 ናይ ዲግሪ 405 ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዝምጽኡ፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

## ጨንፈር ልምዓት ቀረብ ማይ፡ ጥዕናኡን ጽርየቱን ዝተሓለወ ቀረብ ንምርግጋጽ ይሰርሕ

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝርከብ ጨንፈር ልምዓት ቀረብ ማይ፡ ጥዕናኡን ጽርየቱን ዝተሓለወ ማይ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ህዝቢ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።



ዳይረክተር ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ምስጉን ጉብረስላሴ፡ እቲ ጨንፈር ኣብ 2023/2024 ንዝጸመሞ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ እምባትካላ ን1030 ብዝሓሲ ህዝቢ ዘገልግል፡ 75 ሜትሮ ከቢ ዝሕዝ ገንኢን ጸሓያዊ ጸዓትን፡ 5,800 ሜትሮ ሻምብቆታት፡ ከምኡ'ውን 4 መዐደሊ ንቑጣታት ዘጠቓልል፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ድማ ኣብ ጉረታት ን1,523 ህዝቢ ዘገልግል ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ፡ 30 ሜትሮ ከቢ ማይ ዝሕዝ ገንኢ፡ 3 ሽሕ ሜትሮ ሻምብቆታትን 3 መዐደሊ ንቑጣታትን ዘጠቓልል ፕሮጀክትታት ከምዝተዛዘመ ገሊጹ።

ኣብ 2023 ተበጊሱ ኣብ 2024 መስርሕ ህንጻኡ ንዘቐጸለ ዘሎ ፕሮጀክታት ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ዓድታት መሱሓል፡ ሓዲሽ ዓዲ፡ ማይምኑ፡ ዓዲ-ኹዶዶ፡ ዓዲ-ተኽሉ፡ ቤት-ጉበርኤል፡ ጉዙመደባይን ዓዲ-ኽላን፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ድማ ዛገር-ጻዕዳ፡ ቢምቢ፡ ጉቢጋቦ፡ መዓልዳ፡ እሮታ፡ ፈልሒቶ-ቀርዋትን ሓሸሻይን ኩይኖም፡ ብጸሓያዊ ጸዓት፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ድሪልን ናይ ኣድ ፖምፓን ከምዝሰርሓ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ምስጉን፡ ኣብ ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ማእከልን ዓንሰባን መስርሕ ጽገናታትን ምምሕያሽን ፕሮጀክታት እውን ከምዝተሰላሰለ ብምግላጽ፡ ካብቲ ቀረብ ማይ ዝዩረኽብ ዓድታት ኣብ 2025/2026 ዝተታሕዘ መደብ ከምዝዘሎ ኣፕዚቡ።

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ቀጻሪ ተገልገልቲ ትካላት ጥዕና ይዓቢ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተጠቃምነት ህዝቢ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝምስገን ዕብየት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ኣቶ የማን ጺጋይ ሓቢሩ።

ኣብ ትካላት ጥዕናን ናብ ርሑቕ ገጠራት ብምንቅስቓስን ዝወሃብ ኣስተምህሮታት፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ክዓቢ ሓጊዙ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ስሩዕ ክትትል ቅድመ-ሕርሲ ናይ ዝገብራን ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓርሳን ቁጽሪ ምውሳኹ፡ መርኣያ ናቱ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ብዓቕሚ ህዝቢ ዝተሰርሓ መጸበዪ ነፍሰጾራት ኣብ ዕብየት ኣገልግሎት ሕርሲ ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ ጠቒሱ ድማ፡ ካብ'ተን ኣብ መጸበዪ ነፍሰጾራት ዝተዓቐባ 236 ነፍሰጾራት፡ እተን 84 ሚእታዊት ብሓገዝ ሰብ ሞያ ጥዕና ከምእተገላገላ ኣፍሊጡ።

ኣቶ የማን ብተወሳኺ፡ ብወፍሪ ደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን እቲ ሽፋን 99.9 ሚእታዊት፣ ምዕዓል ቫይታምን 'ኤ' ድማ 99 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምሕባር፡ ህላወ ዓይኒ-ምድሪ ኣሲታት 87 ሚእታዊት'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ተጠቃምነት ግን ገና ጻዕሪ ከምዝሓትት፣ ተጠቃምነት ትምባኾ ንምቁጽጻር ዝወጸ ኣዋጅ ኣብ ምትግባር ዝርአ ዘሎ ተሳትፎ ድማ ዝምስገን ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ 12 መደበራት ጥዕና፡ 5 ንቑጣታት ጥዕና፡ 2 ኮማዊ ሆስፒታላትን ሓንቲ ሆስፒታልን ክህልዋ ከለዋ፡ ኣብ'ተን ትካላት ዝሰርሑ 131 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 302 ሰብ ሞያ ጥዕና ኣለዉ።

## ገልዓሎ - ኣብ ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ መሰላት ቈልዑ፡ ከምኡ'ውን ምውጋድ ሃሳዪ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ክሸርን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ድማ ብፍላይ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ምኽባር ሕግታት መሰላት ቈልዑን ደቂኣንስትዮን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃስያታት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽሮ ደቂኣንስትዮን ሰፊሕ መብርሂ ብሞያውያን ቀሪቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓመድ ዓብዱ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምስፋሕ፡ ንዘበረ ግጉይ ኣተሓሳስባን ርድኢትን ንምምሕያሽን ንምልዋጥን ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ በቢእዋኑ ክካየድ ዝጸንሐ ኽንዲዓት ኣስተምህሮታት፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ብቐሊል ዘይግመት ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ንምውጋዱ ንዝግበር ሓባራዊ ጻዕሪ፡ ብምሉእ ዓቕሞም ንምድጋፍ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

# ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ኣብ ውጥን 2025 ዘትዩ

## ዜና

ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ንጥፈታት ልምዓት ኣግራብ ኣብ 2024 ብምግምጋም፡ ኣብ ውጥን



መደባት 2025 ዘዘተየ ኣኼቡ፡ ብ9 መስከረም ኣብ ኣስመራ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ዝምልከቶም ኣካላትን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ወከልቲ ናይ'ቲ ብዓልስልጣን ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽ-ባርካ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብን ማእከልን ጸብጻባት ትግባረ ዝወጸ ውጥን ስራሕ ምስናይ ብልጫታቱን ሕጽረታቱን ኣቕሪቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ብዓልስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ 2024 በብዞባኡ ብዝሃብ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ምድላው ፈልስታት፡ መደባት ምፍላስ ዝተጀመረሉ ግዜ፡ ብዙሕን ዓይነትን ዝተዳለወ ፈልስታት፡ ብቐዓትን ዓይነትን ፈልስታት፡ ዓዳውን ሃገራውን ሕዛእቲታት በብዞባኡ፡ ከምኡ'ውን ብደረጃ ዓዲ ዝግገብ መሬት ድሕሪ ምግላጽ፡ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ መደባት ዕቃበን ምግራብን ተሳቲፎኡ ከዕዝዝዘ ኣዘኻኺሩ።

ዝርአ ሕጽረት ፈልስታት ንምፍታሕ፡ ምምሕዳር ዞባታት ንዝለወን ጾጋታት ከመቓርሓ ዘዘኻኸረ ኮሎኔል ክንፈ፡ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዞባን ንኡስ ዞባን ዝርከብ መደበራት ፈልሲ፡ ካብ 1 ጥቅምቲ ጀሚረን ምስ ከባቢአን ዝሰማማዕ መባቑላዊ ፈልስታት ኣብ ምድላው ክሰርሓ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ምምሕዳር ዞባታት ምስ ተግበርቲ ኣካላት ምምሕዳር ዞባን ሰራዊትን ጥቡቕ ርክባት ብምግባር ብግዜ ምድላዋተን ክጻፍፋ፡ ዕቃበ ልምዓት ኣግራብ ንምውሓስ ቀጻሊ ሓለዋን ኩለሰባትን ክገብራ፡ ከምኡ'ውን ህልዊ ኩነታት እንስሳታት ዘገዳም ንምግምጋም ብዓይነትን ብዝሒን መጽናዕቲታት ክካየዳ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ውጥን መደባት 2025 መደባት ስራሕ ዘትዮም።



ስእሊ - ሮቤል መረስዕ

# ሰረጀቃ - ኣብ ልምዓት ምቁር ድንሽ ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ፡ ን45 ሓረስቶት ዝተዋህበ ኣብ ልምዓት ምቁር ድንሽ ዘተኮረ ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና፡ ብ10 መስከረም ተዛዚሙ።

ኣቐዲሙ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣስታት 15 ሽሕ ፈልስታት ምቁር ድንሽ ከምዝተዓደለ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ኣተኣላልያ ጸገማት ስለዝነበረ፡ ነዚ ንምፍታሕ ምስ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ብምርድዳእ እቲ ስልጠና ከምዝተወደበ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣብርሃም ብርሃ ሓቢሩ።

እቲ ስልጠና ኣብ መጻኢ ንዝቕጽል መስርሕ ምትካል ፈልስታት ምቁር ድንሽ ሓጋዚ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኩለን ዓድታት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ላዕለዋይ ክኢላ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ የናስ ገብሩ ብወከሉ፡ ምቁር ድንሽ ኣብ ኤርትራ ኣብ 2000 ዓመተ-ምህረት ኣብ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ከም እተኣታተወ፣ ኣብ 19 ዒሌታት ድሕሪ ዝተኻየደ ፈተነ ድማ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ መደበር ፈልሲ እምባደርሆ 6 ዒሌታት ተባዚሖ ናብ ሓረስቶት ከምእተዓደለ ገሊጹ።

ምቁር ድንሽ ካብ ሓደ ሄክታር ብዑቱር ደረጃ ልዕሊ 600 ኩንታል፡ ብቑጽሊ ድማ ልዕሊ 900 ኩንታል እቶት ከምዝርከቦ ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ክኽዘን ከምዝኽእልን ብምጥቃስ፡ ብእቶቱ ትሕዝቶኡን ኣብ ውሕስነት መግቢን መኣዛዊ መግቢን ብልጫ ከምዘለዎ ኣበሪሁ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣስራት ሃይለን ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀልን ድማ፡ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል መርሓ ንምስማር ተበገሱ ዘሎ ስራሕ ንምትግባር፡ ኩሎም ሓረስቶት ኣብ ገድናኦም ምቁር ድንሽ ክልምዑ ተላብዮም።


ስእሊ - በረኸት የማነ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ፎርቶ-ሳዋ - ኣንበጣ ገረብ ንምቁጽጻር፡ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ - ምምሕዳር ከባቢ ታማራት ዝተኸስተ ኣንበጣ ገረብ ንምቁጽጻር፡ ብኣሳይነት ሱብ ሞያ ሕርሻን ተሳቲፎ ህዝብን ሰራዊትን ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ።

እቲ ሓሓሊፉ ዝጻሰል ኣንበጦ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ በረኻታት ጋሽ-ባርካ ጸፍዩ ዝሓገየ ዕስስ ኰይኑ፡ ኣብ ደረጃ ምንፋር ከይበጽሐን ኣብ ሃብቲ ገረብን ዘራእትን ጉድኣት ከየውረደን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓሉ፡ ብሞሸነሪ ዝተደገፈ መድሃኒት ናይ ምንጻግ ዕወት ስራሕ ይካየድ ከምዘሎ፡ ኑቲ ስራሕ ዝመርሑ ዘለዉ ክኢላታት ሓቢሮም።

ኣወሃሃዲ ወፍሪ ምክልኻል ኣንበጣ ገረብ ኣቶ ኤፍሬም ዑቕባዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኑቲ ኣብ በረኻታት ዝተዘርግሐ ኣንበጣ ንምቁጽጻር፡ ካብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ ጀሚሩ ብዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ዛጊት ኣብ 52 ሄክታር ዓሰሉ ዝነበረ ከምእተደምሰሰ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኤፍሬም ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ዝራእቲ ቀዋምነት ብምሃብ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ፡ ክልተ ዂጻዊ መኻይንን ብሱብ ዝጽወር መሳርሒታትን ተዋፊሩ ኣድማዒ ዕማም ይሰላሰል ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ተርእዮታት ንምቍጽጻር፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ሓረስቶት፡ ጓሶትን ኣባላት ሰራዊትን ድማ ብፍላይ ከባቢኦም ብምክትታል፡ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ወይ ምምሕዳር እዋናዊ ሓበሬታ ክህቡ ኣተሓሳሲቡ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ያታዊ ባህሊ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጸብጻብ ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ህ/ረ/ቻይና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ወግዓዊ በዓል ቅዱስ የሃንስ ኣብ ከተማ ዓሰብ |
| 16:15 | ማይ ዕዳጋ |
| 16:45 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ሴላ ምስ ደሴታት ዓሰብ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፈ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም መስተንክር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ዕላል ምስ ክኢላ ኣትክልትን ዕንባባታትን |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ጉዳይ ዋዕላ ሽርክነት ኣፍሪቃን ቻይናን

## “ተመኩሮ ቻይና ንኣፍሪቃ ዓቢ ኣብነት እዩ”

ነስረዲን ዓብደልራሕማን



- ***ክቡር ፕረዚደንት ኣብ 9ይ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ምትሕግጋዝ ቻይና-ኣፍሪቃ ንምስታፍ ኣብ ከተማ በይጂንግ ኣለኹ። ዋዕላ ከመይ ነይሩ? ከምዚ ዓይነት ዋዕላታት ምስ ቻይና ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሩስያ፡ ጃፓን፡ ኮርያ፡ ኢጣልያ፡ ኣመሪካ፡ ሰዑድያ ወዘተ. ልሙድ እዩ። ኣፍሪቃ ካብዚ እንታይ ትረብሕ?***

ብቐሊል መዳይ ክንርእዮ ንኽእል። በቲ ሓደ እቲ ተሰፋ እዩ። በቲ ካልእ ድማ እቲ ስክፍታ እዩ። ናይ ቻይናን ኣፍሪቃን ርክብ ንኣብነት ካብ ዝጅመር ዕስራ ዓመት ገይሩ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዕስራ ዓመት እንታይ ምዕባለታት መጺኡ? እንታይ ተኣሚሙ ነይሩ? እንታይ'ከ ተተግቢሩ? ኢልካ ኑቲ ምዕባለታት ምግምጋሙ ኣገዳሲ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ከምዚ ዝኣመሰለ ዋዕላታት፡ ናይ ህዝባዊ ርክባት ሃልኪ ጥራሕ ኩይኑ'ዩ ዝተርፍ። ድግስ ምስ ሓለፈ፡ እቲ ጉዳይ ይርሳዕ። ክትትሉ ዝከታተል የለን። እዚ እቲ ስክፍታ ዝፈጥር መዳዩ እዩ። ሰቐ ኢልካ ድግስ ተገይሩ፡ ኣብቲ ድግስ ተሳቲፍና ጥራይ ኣብ ክንዲ ዝኸውን ክትትሉ ብዕቱብ ክንግምገም ዝግባእ እዩ።

እቲ ዝቕድድ ዘሎ ዋዕላታት ኣብ መቓን (context) ዓለማዊ ኩነታት ኣእቲና ክንርእዮ ክንክእል ኣለና። ዓለማዊ ኩነታት ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 20-30 ዓመታት ካብ ምንታይ ናብ ምንታይ ተሰጋጊሩ? ክንጉብኦ የድልየና። ዝሒሉ ኩናት ናቱ ታሪኽ ኣለዎ። ዝሓለፈ 30 ዓመታት ከኣ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ንምፍጣር ዝተሃቀሉ ግዜ እዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ኣፍሪቃ እንታይ ስንብራት ነይሩዎ? ብዓለም ደረጃ'ኸ ኣብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ እስያ፡ ላቲን ኣመሪካ እንተድኣ ኢልና ብዙሕ ትንታነ ክቐርበሉ ይኽእል እዩ። ናይ ቻይና ኣፍሪቃ ምትሕግጋዝ ከኣ ኣብ ውሽጢ'ዚ መቓን'ዚ ክርአ ዘለዎ እዩ። ከምኡ ዝኣመሰለ ድግሳት ምስ ካልኦት እውን ቀጺሉ ዝጋበር እዩ። እቲ ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት ኣዝዩ ተጋላቢጡ ብምኻኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ቀረና መንገዲ ኢና ዘለና። ናብ ሓድሽ መዋእል (era) ንኣቱ ኣለና። ኣብዚ ናብ ሓድሽ መዋእል እንሰጋገረሉ ዘለና እዋን፡ እዚም ዝተፈጸሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ርክባት ብኸመይ ክትሓዙ ኣለዎም? ዕቱብ ዘተ ዘድልዮ እዩ። ናይ ኣመሪካን ኤውሮጳን ጥፍሽና እናተጋህደ ይኸይድ ኣሎ። ድሕሪ ምብቃዕ ዝሒሉ ኩናት፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ክንፈጥር ኢና፡ ዓለም ክንቆጻጸራ ኢና፡ ንዓለም ኣብ ናይ ጽልዋ ክልላት ከፋፊልና ክንመሓድራ ኢና፡ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ከባቢ ወኪል ገይርና ዓለም ክንቆጻጸራ ኢና - ተባሂሉ ዝተኣታተወን ዝተሰርሓሉን ፖሊሲታት ነይሩ። ናብ ከምዚ ዓይነት ጌጋ ዘምርሖም፡ ናይ ሶቭየት ነበር ምፍርኻሽ እዩ። ሶቭየት ካብ ተበታተነት ድሕሪ ሕጂ ዝወዳደረና የለን፡ ዓለም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና እያ ብዝብል እምነት ኣብ ዓለም ዝፈጠርዎ ህውከትን ዘውረድዎ ዕንወትን እዚ እዩ ኢልካ ክትግምቶ ዝከኣል ኣይኮነን።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ሃዋህው ዝያዳ ዝተሃስየ ክፍለ ዓለም መን እዩ? እንተተባሂሉ ኣፍሪቃ እያ። ኣፍሪቃ ተገሊሉ ዝጸንሐ ኣህጉር እያ። ምስቲ ተሃሲዩዎ ዝጸንሐ፡ ሕጂ ንሽርክነት ድሌው ድዩ? ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዓቢይቲ ዕድላት ተጠቒሙ፡ ሽርክነት ኣብ ምህናጽ ክሳተፍ ይኽእል ድዩ? ዓቕሚ ኣለዎ ድዩ? መጀመርታ ክርአ ዘለዎ'ዩ። ድሕሪኡ እቲ ሽርክነት እንታይ መልክዕ ይሕዝ? ኣብ ምንታይ ዓውድታት'ዩ ሽርክነት ክግበር ዝከኣል? ክዝረበሉ ይኽእል። ብወገና መጠኒ ክኸውና ዘቕረብናዮ ወረቐት ኣሎ። እቲ ወረቐት ሓፈሻዊ ኩይኑ፡ ዝርዝራቱ ምስ ግዜ እናተፈጸረን እናተዘርዘረን ክኸይድ ዘለዎ እዩ። ኣፍሪቃ ኣብ ዓለምና እቲ ዝደሓረ ክፍለ ዓለም እዩ። ሽርክነት ክንዕበር እንተኾይኑ፡ ካብቲ ዘለዎ ክውንነት ተበጊሱ እዩ እምበር፡ ከምተን ኣዝየን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ፡ ልኡላዊ ውሳኔታቱ ኣብ ኢዱ እናሃለወ፡ ምስዚ ዘሎ ዓለማዊ ሃዋህው ብኸመይ መገዲ ክሰርሕ ይኽእል? ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ምትሕጋገዝ ክሳተፍ እንተኾይኑ ብኸመይ ክሳተፍ ኣለዎ? ክውሰን ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ብደረጃ ዞባ፡ ክፍለ-ዞባ፡ ብክፍለ ዓለም ደረጃ፡ እንታይ ክገብር ኣለዎ? ክሓስብ ኣለዎ።

ብሓፈሻዊ ገምጋም ኣብ ኣፍሪቃ ቀንጠብ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ምስዚ ዘሎ ናይ ዓለም ኩነታት ብምዝማድ፡ ናይ ድኻ፡ ናይ ዕንጋሎ ቀንጠባታት እዩ። ንገዛእ ርእሱ ዝኣኽሎ እውን ክፍሪ ኣይክእልን እዩ። ንጥቀመሉ ቴክኖሎጂ ናይ ቀደም እዩ። ናብ ምምስራሕ፡ ናብ ኩብሪ ምውሳኽ፡ ናብ ምስናዕ ክሰጋገር ዘለዎ እዩ። ጸገም ናይ ኣፍሪቃ፡ ብሰለስተ መዳይ ክረአ ይከኣል። ቀዳማይ ጥረ-ነገር ጥራይ ምሻጥ እዩ። ፍርያት ዕደና፡ ሕርሻን ካልእን ብጥረኡ'ዩ ዝኸይድ። ኣይምስራሕን እዩ። ብዝተሓተ ዋጋ ድማ እዩ ዝግዛእ። ብኣንጻሩ ዝተመስርሐ ፍርያት ናብ ዕዳጋታት ኣፍሪቃ ብኽቡር ዋጋ እዩ ዝኣቱ። እዚ ድማ ካልኣይ መዳይ ናይቲ ክሳራ እዩ። እቲ ሳልሳይ፡ ዝ. ኣጺጋሚ ኩነታት'ዚ ንምምኻት ናይ ኣፍሪቃ ቀንጠባታት ዝጉብሮ እንተሃልዩ ምልቃሕ እዩ። ካብ ደገ ፕሮጀክት ይልቃሕ፡ ምልቃሕ ጸገም ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ልቓሕካ ብኸመይ ትኸፍሎ'ዩ። ልቓሕ ክትከፍል ኣታዊታት እትረኽበሉ ቀንጠባዊ ንጥፈታት ክህልወካ ኣለዎ። ኣብ ክንዲ ብኽሳራ ሽይጥካ፡ ብኽቡሪ ዘለዎ ዋጋታት ትገዝእ፡ ብምዕሩይ ዘኽሉ ዋጋታት ክትገዝእን ክትሸይጥን ክትክእል ኣሎካ። እዚ ስለዘይኮነ፡ ኣብ መውዳእታ፡ ቁጠባ ኣፍሪቃ ብዕዳ ተለጢጡ ኣብራኹ እዩ ዝሰበር ዘሎ። ኣይ ጥረ ነገራት ሸይጥካ፡ ቀም-ነገር ክትጉብር፡ ኣይ ዝተመስርሐ ፍርያት ወይ ምህርቲ ዝእኻ ቀንጠቦኻ ብመጠኑ ከተሳስ፡ ኣይ ተለቂሕካ ልቓሕካ ክትከፍል፡ ናይ ቀንጠባ ብድሆታት ኣብ ኣፍሪቃ መውዳእታ የብሉን።

ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ቀንጠባ ጸገማት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ርግኣት ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ሽግር'ዩ። ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ህንጻት ሃገር (Nation Building) ከምቲ ዝድለ ክሰገም ኣይከኣለን። ሃገራት ብውሽጠን ተሓቂቐን፡ ተዘሪገን እየን። ሕብረተሰባት ተተፋኒኑ ርግኣት የለን። ርግኣት መሰረታዊ ረቛሒ ንልምዓት እዩ። ርግኣት ኣብ ዘይብሉ ልምዓት ክህሉ ኣይክእልን። ጼጋታትካ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ርግኣት ክህልወካ ኣለዎ። ኣብቲ ዘቕረብናዮ ወረቐት እቶም ጸገማት ሓደ ብሓደ ተዘርዚሮም ኣለዉ። ምኽንያቱ ፍታሕ ክይረኸቡሎም ምስ ቻይና ደዩ ሩሲያ ወይ ካልኦት ሽርክነት ክትጉብር ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ኣፍሪቃ ክንዲ ምምራር፡ ክንዲ ንኻልኦት ምርጋም፡ ነዞም መሰረታውያን ናይ ውሽጢ ሽግራት ክፈትሖም ክኽእል ኣለዎ። ድሕሪኡ ሽርክነት ክትፈጥር ትኽእል። መሻርኽትኻ ይረብሕ፡ ንስኻ እውን ትረብሕ። እንተዘየሎ ባዶ ድምር እዩ ዝኸውን። ክሳራ ጥራይ እዩ። ሓደ ዝኸስር፡ እቲ ካልእ ዝኸስብ እንተኾይኑ ድማ ሽርክነት ክበሃል ኣይክእልን። እቲ ስክፍታ ዝበልክዎ እዚ እዩ። ሓቀኛ ሽርክነት ክንምስርት እንተኾይንና፡ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብግቡእ ክትሓዞ ኣለዎ። ኣፍሪቃ ቅድም ናቱ ሽግራት ክፈትሕ ኣለዎ።

እቲ ካልእ ጸገም ናይ ኣፍሪቃ ቅርጻዊ (ስትራክቸራል) እዩ። ድሕሪ ምብቃዕ መግዛእቲ፡ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ን'ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ' መስሪቶም። እቲ ውድብ 30 ዓመታት ገይሩ፡ ብዙሕ ከፍሪ ኣይጠቕምን'ዩ ይቀየር፡ ካልእ ዝድምዕ ውድብ ክህልወና ኣለዎ ተባሂሉ ‘ሕብረት ኣፍሪቃ’ መጺኡ። ሎሚ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ናይ ቃል-ዓለም እንተዘይኮኑ ብግብሪ የለን። ዞባዊ ውድባት ሳደክ፡ ኢጋድ፡ ኢኮዋስ ወዘተ. እውን ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ንግለቱ ድግሳት ይውድቡ፡ ንህዝባዊ ርክባት ፕሮፖጋንዳ ይገብሩ፡ ድሕሪ'ዚ ተወዲኡ'ዩ። ስለዚ ንዞባውን ክፍለ ዞባውን ምትሕግጋዝ ዝሕግዝ ቅርጻታት እውን የለን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ በዓሃቲ ሽግራት ከለዉ፡ ሱቕ ኢልና ሽርክነት ክንምስርት ስለዝበልና ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ሽርክነት ክምስረት እቲ ዘሎ ዓበይቲ ጸገማት ፍታሕ ክንረኽበሉ ኣለና።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ዋዕላታት እምበኣር፡ ሓደ መረዳእታ ምፍጣር የድሊ። ሓባራዊ መረዳእታ ፈጢርካ፡ ድሕሪኡ ዘድልዮ ዝርዝር መደባት ኣውጺእካ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ትሕተ ቅርጺ፡ ጸዓት፡ ማይ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ መጉዓዝያን መራኸቢታትን ክግበር ዘኽእል ምትሕግጋዝ ክትውጥን ትኽእል። ልዕሊ ኩሉ ምስናዕ ዝበሃል ነገር ኣሎ። ተፍርዮ ጥረ ነገራት ክትሰንዮ ክትክእል ኣሎካ። ክትሰንዮ እንተኽኢልካ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ቀንጠብ ትድይብ ኣለኻ። ዕዮን ዕድላት ስራሕን ትፈጥር፡ መነባብሮ ሰባት እናማዕበልካ ትኸይድ። ኣብኡ ከሎ ጥረ ነገራት ደዩ ጥሪት ንደገ ትሸይጥ እንተኾይንካ ግን ለውጢ ክተምጽእ ዝከኣል ኣይኮነን። በዚ ወርቂ ኣሎ፡ በዚ ነሓስ ኣሎ፡ በዚ ካልእ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ክተመስርሖ ክትሰንዮ፡ ኩብሪ ክትውሰኸሉ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ግን ቀንጠብ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ኣይከኣልን።

እዚ ብበይንኻ ጥራይ ዘይኮነ ብምሕብር መገዲ እውን ክግበር ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ዞባ ወይ ክፍለ ዞባ ዘለዋ ሃገራት ናይ ጥምረት ቅርጻታት ፈጢረን ተሓባቢረን ክሰርሓ ይኽእላ እየን። እቲ ኣርእስቲ ገፊሕ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብወገና ክንገብሮ ንኽእል ዘወጻጽኣና ናይ ሽርክነት መርሓ ጎደና ኣዘጋጅና ምፍላጥ እዩ። ኑዮም መሻርኽትና እንበሎም ከኣ ሓሳባትና ከዘክሩለም ክንክእል ኣለና። እዚ ብድሆታት እዚ ኣሎ፡ እዚ ጸገማት እዚ ኣሎ፡ ዝ. ከይሰገርካ ሽርክነት ክምስረት ኣይክእልን እዩ እሞ ንሽኻትኩም እጃምኩም ኣበርክቱ፡ ንሕና'ውን ዕዮ ገዛና ክንገብር ክንበሎም ኣለና። ኣብ ሓደ ኢጋጥሚ ከምዚ ትማሊ ዝተገብረ ዋዕላ ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጥሚታት እዚም ሓሳባት እዚኣቶም ከንብሰሎም ኣለና። ሓደ መረዳእታ ምስ ፈጠርና ከኣ ንሽርክነት ባይታ ፈጢርና ኣለና ክንብል ንኽእል።

- ***ኣፍሪቃ ምስ ካልኦት ሽርክነት ክትፈጥር መጀመርያ ዕዮ ገዝኣ ክትገብር ኣለዋ ትብል ኣለኻ። ሕብረት ኣፍሪቃ ይኹን ካልኦት ዞባውያን ውድባት ብግብሪ እንተዘየለዉ ግን፡ ብኸመይ ኣፍሪቃ ሓደ ዓይነት መረዳእታ ሒዛ ክትሰርሕ ትኽእል? ኣብዚ እንታይ ተስፋ ኣሎ?***

ተስፋ ኣሎ የለን ዘይኮነ፡ ተስፋ ክትፈጥር ናይ ግድን ክትሰርሕ ኣለካ። ናይ ኣፍሪቃ ደዩ ናይ ዞባ ውድብ ኣሎ እናበልና ዘየለ ነገር ከምዘሎ ኣምሲልና ክንዛረብ እንተኾይንና፡ ንኣብሰና ንመሻርኽትና ኢና ንቕሽሽ ዘለና። ንኣብነት ኢጋድ ዝበሃል ነገር ኣሎ ድዩ? እንታይ ይሰርሕ? እንተድኣ ኢልና - የለን። ንምንእኣስ ወይ ምቁንጻብ ኣይኮነን። ሓቂ ተቐቢልና፡ ከምዝየለ ኣሚንና ከም ዝሀሉ ክንገብር ኣለና። ናይ ብሓቂ ከስርሓና ዝኽእል ቅርጺ ክሀልወና ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዘየለ ነገር ግን ስለምንታይ ኑብስና ንቕሽሽ? ስለምንታይ ንመሻርኽትና ንቕሽሽ?

ሕብረት ኣፍሪቃ ዝበሃል ነገር የለን። የለን ኢልካ ክትጅምር ከለኻ ክህሉን ኣድማዒ ክኸውን ምእንቲ እዩ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ከምቲ እቶም መስረትቲ ኣቦታት ዝቐየስዎ ክኸውን ኣይከኣለን ተባሂሉ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃ ይሰጋገር እምበር ክሰርሕ ኣይከኣለን። ስለዚ ኣሎ እናበልካ ትቕጽለሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ኢኮዋስ፡ ሳደክ፡ ኢጋድን ካልኦትን ብኸመይ'የን ዝሰርሓ፡ እንታይ ናይ ምምልላእ ኩነታት ፈጢረን ኑቲ ቀንጠባታት ቀይረናኦ እንተድኣ ኢልና ኣብ ባይታ ዘምጽኦኦ ለውጢ ስለዘየሎ፡ እዘን ቅርጻታት እዚኣተን ዕዳ'የን ንገዛእ ርእስና። ስለዚ ቀዳሚ ዝኣገረ ብኽፍለ ዓለም፡ ብዞባን ክፍለ ዞባን ዝሰርሕ ኣካላት ወይ ዝሰርሕ ቅርጽታት ክህሉ ኣለዎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከመንዘፍ፡ ከሰጋግሮ ወይ ጸገማቱ እናረኣናዮ ኣፊትና ዓሚቲና ክንከይድ የብልናን እዩ - እቲ ዋና ነገር።

- ***ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ በይጂን ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን መንግስቲ ቻይናን ካልኦት መራሕቲ ሃገራትን ተራኺብኩም ነይርኹም። ዘየደሓዮ ርክባት ኣብ ምንታይ ዘተኮረ'ዩ ነይሩ፡ ሓፈሻዊ መብርሂ ክትህቡና?***

ምምይያጥ ዓቢ ነገር እዩ። ንምምይያጥ ግን ናይ ጸምዶ ሜላኻ ክትፈልጥ ኣለካ። ንቀልዓለም እናተመሳገርና ክንከይድ ዘይኮኑ እቲ ሓቂ ክንዛረብ ኣለና። ድኻማትና ሕጽረታትና ከምዚ'ዩ ክንብል ክንክእል ኣለና። እቲ ንሕና እንርእዮ፡ ንሶቶም ብወገኖም ዝርእዩዎ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ናይ ሓባር መረዳእታ ክንፈጥር ኣለና። ዘለና ጸጋታት ኣጉሳጊስና ክንሰርሕ ምእንቲ ሓሳባት ክንለዋወጥ ኣለና። ኣብ'ዚ ሕጂ ምስ ዝተፈላለየ ናይ መንግስቲ ሰበስልጣን፡ ኩባንያታት፡ ውልቀሰባት ክንራኸብ ቀኒና። ምስኦቶም ክንጸምድ ሓሳባትና ሃፍናሎም፡ ርእይቶታቶምን ሓሳባቶምን ሰሚዕና። ኣብ መወዳእታ ከኣ ናይ ሓባር መደባት ኣውጺእና፡ እቲ ተመኩሮ እናማዕበልናዮ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክንከይድ ንኽእል።

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል

# ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ . . .

ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ

ናይ ቻይና ቀጥባዊ ዕብየት ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓምሳ ሰሳ ዓመታት ዝተራእየ ኣብ ዓለምና ማዕና የብሉን። ምግናን ኣይኮነን። እዚ ንኣታቶም ጥራይ ዘይኮነ ንኣፍሪቃ እውን ዓቢ ዕድል እዩ። ኣፍሪቃ ክትጥቀመሉ ክትክእል ኣለዋ። ተመክሮኦም ብምውሳድ፡ ካብ ሰደድ ጥረ ነገራት ናብ ምምስራሕ፡ ናብ ምስናዕ ክንከይድ ንኽእል። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብቐጥባ ንቻይና ክወዳደር ዝኽእል የለን። ንቻይና ቀይድ፡ ንቻይና ጽመድ፡ ንቻይና እሰር ዝበሃሉ ዘሎ ምኽንያት እቲ ቁጠባዊ ዕብየት ቻይና ዝፈጠሮ ስንባደ እዩ። ድሕሪ ምብትታን ናይ ቀደም ሶቬት ሕብረት፡ ምዕራባውያን ንሩሲያ ኣብ ኮንተይንመትን ስትራተጂ እየም ኣእትየማ ጸኒሖም። እዚ እንርእዮ ዘሎና ናይ ዩክረይንን ካልእን ኩነታት ውጽኢት ናቱ እዩ። ንቻይና'ውን ይደናደኑዋ እዮም ዘለዉ። ናይ ታይዋን ጉዳይ ተልዕሉ፡ ካልእ ኪዳናት ኣብቲ ከባቢ ክትምስርት ትፍትን። ይኹን'ምበር ሎሚ ንቻይና ክብድህ ዝኽእል ቀጥባዊ ሓይሊ ወይ ዓቕሚ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ናይ ኣይዲዮሎጂ፡ እቲ ናይ ፖለቲካ ጉድንታቱ ንጸግዒ ገዲፍካ እምበኣር ኣህጉር ኣፍሪቃ ናብ ምስናዕ ክብሪ (ቫልዩ) ምውሳኽን ወጺኡ፡ ኑቲ ዘሎ ቀጥብታት ካብ ናይ ዕንጋሎ ጸፍሒ ኣውጺኡ ናብ ዝለዓለ ክትወስዶ ምእንቲ፡ ቻይና ሓንቲ ኣገዳሲት መሻርኽቲ እያ።

ምስ ቻይና ዝግበር ሽርክነት፡ ንኣፍሪቃ ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ። ካብ ካልኦት'ውን ኣይትጥቀምን ማለት ኣይኮነን። ጣልያን፡ ሩሲያ ክንብል ንኽእል ኢና። ግን፡ ክንዲ ናይ ቻይና ዓቕሚ ዘለዎ ስለዘየሎ፡ እዚ ምስ ቻይና ዝግበር ሽርክነት ናቱ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ። ኣድማዕነት ክህሉዎ ድማ፡ ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዕዮ-ገዛአን ክፍጽማ ኣለወን። ከምኡ ገይረን ኣብ ቻይና ዘሎ ናይ ቴክኖሎጂ ኽጋስ፡ ናይ ቁጠባ ሓይሊ፡ ይኹን ካልእ ዝተፈላለዩ ዕድላት ክጥቀማሉ ይኽእላ። ሱቕ ኢልካ ኣብ ድግስ ተሳቲፍካ ናብ ገዛኻ ምምላስ ክኸውን የብሉን። ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት፡ ሰፊሕ ዝኾነ ምምዳያት ክግበር ክኽእል ኣለዎ። ብኽልተኣዊ ደረጃ ኣብ መንጎ ኤርትራን ቻይናን እንታይ ክግበር ይከኣል እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ ጸዓት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ማይ፡ መጎዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ዕደና፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት - ጥዕና፡ ትምህርቲን ካልኦት ነገራትን ዓውዲታትን ብዙሕ ክግበር ዝኽእል ምትሕግጋዝ ኣሎ። እዚ ናይ ቻይና ዕድል ክንጥቀመሉ እንተኾይንና ከኣ፡ ናትና ዓቕሚታት እናዕበና እናመሓየሽና፡ ኣሰራርሓና እናራቐቕና ክንከይድ ኣለና።

ወርቂ ኣሎና፡ ኑሓስ ኣሎና፡ እናበልና ጥረ-ነገራት ክንሸይጥ ጥራሕ ክንነብር ኣይኮንናን። ጂኦግራፍያዊ ብልጫታት ኣሎና። ብብዙሕ ነገራት ናትና ፍሉይነት ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ቁጠባና ከሐይሎን ከማዕብሎን ምእንቲ፡ ምስ ቻይና ጥራሕ ዘይኮነ ምስ ካልኦት ሃገራት እውን ንገብሮ ሽርክነት ናትና ዕዮ-ገዛ ወዲእና ምስ ኣቕሪብና ክኸውን ስለዘለዎ፡ እዚ ዕዮ-ገዛና ዝኸውን ናይ ጸምዶ (engagement) ስትራተጂና ኣሕሪና፡ ምስ ዝተፈላለያ ትካላት፡ ኩባንያታት፡ ኣካላት ናይ መንግስቲ እናተራኸብና እቲ ክምዕበል ዘለዎ ከማዕብሎ ንሰርሕ ኣሎና። እንተላይ ንምኽልኻልን ጸጥታን ዝምልከት ጉዳያት። እዚ ዓውዲ'ዚ እዩ ዘገድሰና፡ እዚ ዓውዲ'ዚ ግን ኣየገድሰናን እዩ ኢልና ንገድፎ ስለዘየሎ፡ ኣብዚን ሓደት መዓልታት ኣብ ዝበራ ኢጋጥሚታት ምስ ከሎም ሰቦት ወይ ትካላት ተረኺብና ዝገበርናዮ ዘተ ምስቲ ዋዕላ (summit) ዝኸይድ ጸምዶ እዩ ነይሩ።

• ***ኣብ ዞባና፡ ከምዚ ክትጠቕሶ ዝጸናሕካ - ሽርክነት ክህሉ፡ ዞባዊ ውህደት፡ ሰላምን ርግኣትን ኣገዳሲ እዩ። ምስ ገለ መራሕቲ ናይዚ ከባቢና'ውን ተራኺብካ ነይርካ'ሞ፡ ከመይ ይመስል እቲ ዘሎ ኩነታት?***

ኩይኑ፡ ንበይንና ጥራሕ እንታይ ክንገብር ንኽእል? በይንና ጥራሕ ከምኡ ክንገብር ንኽእል ዲና? ስለዚ፡ ኣብቲ ዘቤታዊ፡ ዞባዊን ክፍሊ ዞባውን እንበሎ፡ ንምትሕግጋዝትን ጥምረትን ዓቢ ግምት ክወሃቦ ክኽእል ኣለዎ። ሰላምን ቅሳነትን ረኺብካ ክትነብር፡ ናብ ልምዓት ክትኣቱ፡ ዓይነት ህይወት ሰብካ ክትቕይር በይንኻ ዝግበር ነገር ኣይሰርሕን እዩ። በይንኻ ክትፍትን ትኽእል ትኸውን፡ ከምኡ'ውን ክትጻገም ትኽእል ትኸውን - ኣብ መወዳእታ ግን እቲ እትደልዮ ናህሪ፡ እቲ እትደልዮ ኽጋስ ኣረጋጊጽካ ኑቲ ክትወቕዖ ዝደለኻዮ ሹቶ ክትወቕዕ ኣጸጋሚ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ከም ዝርኣናዮ ኣብ ጕረባብትና ዘሎ ጸገም እቲ በይንና እንገብሮ ትርጉም ዝህሉዎ፡ ኣድማዕነት ዝህሉዎ፡ ውሕስነትን ቀጻልነትን ዝህሉዎ፡ ምስ ጕረባብትና ኣብ እንሰርሓሉ እዋን እዩ። ስለዚ፡ ከምዚ ናይ ቻይና ዝኣመሰለ ኢጋጥሚ ክመጽእ እንከሎ፡ ምስ'ቶም ኣብ ጉድቦና ዘለዉ መራሕቲ ተራኺብካ ክትዛረበሉ ኣገዳሲ እዩ፡ ካብኡ ወጻኢ እውን ምስ ካልኦት ክፍሉ-ዓለማት ወይ ክፍሉ-ዞባታት ዘለዋ - ናይ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ሰሜናዊ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ማእከል ዘሎ - ምስኦም እንታይ ትገብር ትመያየጠሉ። ቅድም ቀዳድም ግን፡ ኣብቲ ጉድቦና ዘሎ ኩነታት ብዝበኣ ዝምገምና ናይ ምትሕግጋዝ መደባትና ክሐይል ምእንቲ፡ ምስ ጉድቦና፡ ምስ ጕረባብትና ንሰርሕ፡ ባህርያዊ ሕርያ



ኣብ ኣፍሪቃ ኣነ ንበይነይ ደሴት ኩይነ ክምዕበል እየ፡ ከምዚ ክገብር እየ ዝብል እንድሕር ኣሎ ኩይኑ፡ የዋህነት ጥራሕ'ዩ። ከምኡ ዝበሃል ነገር የለን። እቲ ሓይሊ እንብሎ ኣብ መወዳእታ ኣብ ምምልላእ እዩ። ሓደ ሃገር ናቱ ፍሉይነት ክህሉዎ ይኽእል ይኸውን፡ ናቱ መደባትን ናቱ ቀዳምነታትን ሰሪዑ ክሰርሕ ይኽእል ይኸውን፡ ዘለዎ ጸጋታት ከኾስኩስ ይኽእል ይኸውን፡ ኣብ መወዳእታ ግን ደሚርካ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እዚ ኑተን ሃገራት ሓይሊ ኣይህበንን እዩ። ንሕና ምስ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ኩነታት ክንርእዮ እንድሕር ኴንና፡ ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ይኹን የመን ዘሎ ኩነታት ኣይምልከተናን እዩ - ናህና ናይ በይንና መንገዲ ሒዝና ኢና ንኸይድ - ክንብል ኣይንኽእልን። ሎሚ ዘይኮነ፡ ቅድሚ 30 ዓመታት ኢጋድ ይመስረት ክበሃል እንከሎ፡ ሽዚን ከምዚን ክሕግዘና ይኽእል'ዩ ስለዝተባህለ እዩ። ኣብ ክንዲ በይንና ጉያ-ጉያ ንብል፡ በይንና ንኸይድ፡ ሓቢርና ክንሰርሕ፡ ዘሎና ጸጋታት ሓቢርና ከነኾስኩስ ጥራሕ'ዩ ዘዋጽኣና። እዚ ሕርያ ኣይኮነን። ባህ ኢሉኻ ወይ ባዕ ኣይበለንን ኢልካ ትገድፎን ትሓዞን ጉዳይ ኣይኮነን። ናይ ግድን እዩ። እዚ ሃዋህው እዚ ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። እቲ ባይታ ክጣጣሕ ክኽእል ኣለዎ። ከበና ከይቀተለ ከበና ናይ ልምዓት መደባቱ ኣዋጺኡን ደሚሩን ናብ ዝሓየለ ኽጋስ እንድሕር ዘይከይድ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ዞባና ዘለዉ ጕበለላት ዝበሃሉ፡ ካብዚ ዞባ ወጻኢ ዘለዉ ብዓለም ደረጃ ጕበለላት ኢና ዝብሉ ሓይልታት ኣብ ጉድቦና መጺኦም ዝፈጥሩዎ ዘለዉ ህውከት ዝፈጥረልና ዘሎ ዕንቅፋታት ቀሊል ነገር ኣይኮነን። እጉዳ በዚ፡ እጉዳ በቲ፡ በዚን በቲን ዕንቅፋት ይመጽእ ኣሎ። ንሕና ነዚ መከትናዮ ሰጊርና ወይ ሓሊፍናዮ ኢና ክንብል ንኽእል ኢና። ኣብ መወዳእታ ግን ምቹእ ሃዋህው ክንፈጥር ስለዘለና፡ ነዚ ምስ ጕረባብትና ተሓጋጊዝና ኢና ክንምጽኦ ዘለና። ስለዚ፡ ናቶም ርግኣት፡ ቅሳነት፡ ናቶም ናይ ልምዓት መደባት ምስ ናህናን ምስ ካብና ወጻኢ ዘለዉን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ብሽርክነት ምስኣቶም ክንሰርሕ ኣሎና። ቅድሚ ዝኣገረ ግን፡ ናህና ናይ ገዛእ-ርእስና ዕዮ ገዛ ንገብር። ሽዑ ኑቲ ናይ ጉድቦና እንበሎ ናይ ሓባር መደባት ከሎጋግብ ንኽእል። ሽዑ ብዙሓ ደረጃ ጸጋታት ኣሎና፡ ኩሉ ዓቕሚ ኣሎና፡ ኩሉ ነገር ክንገብር ንኽእል ኢና ኢልና ክንሓስብ ንኽእል። እዚ ንምምጻእ ሓደ ዘወሃሃድ ውጥን ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ሱዳን እንታይ ይግበር፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ እንታይ ኣሎ፡ ኣብ የመን እንታይ ኣሎ - ኣይግድሰናን እዩ፡ ኣብ ጉድቦና ዘሎ ኩነታት ከም ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ደረጃ ሰሪዕናዮ ኢና ንኸይድ ኣይንብልን ኢና። ኣብዚን ዝሓለፉ 30 ዓመታት ከኣ ብኸምኡ ሰሪሕና ኣይንፈልጥን። ስለዝኾኑ፡ ብኸምኡ ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ንድሕሪ ሕጂ'ውን ከምኡ'ዩ ዝቕጽል። ከምዚ ኣብ ቻይና ዝተገብረ ዋዕላ ዝመሰለ ዕድል ክርከብ እንከሎ፡ ካብ ብማዕዶ ትራኸቡ፡ ብቐጥታ ተራኺብካ ሓሳብ ንሓሳብ ትለዋወጥ'ሞ፡ እንታይ ይመስለካ እንታይ ይመስለኒ ኢልካ ክትዛረብ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ስለዚ፡ እቲ ኢጋጥሚ ጽቡቕ እዩ።

• ***ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ዋዕላ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዝምድና ቻይናን ኣፍሪቃን ናብ ስትራተጂያዊ ደረጃ ክብ ንኽብል ሓሳባት ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ ሓሳባት'ዚ ግብራዊ ክኸውን ይኽእልዶ - ኣብዚ ዘሎናዮ ኩነታት?***

ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ዘቕረቦ ናይ 10 ነጥብታት ውጥን ኣገዳሲ ገዚፍ እዩ። ክትርድኦን ክተዳቕቖን ግዜ የድልዮ። እዘን 10 ነጥብታት ናይ ተግባር ወጥናት (ፕላን ኦፍ ኣክሽን) እየን። ሓፈሻዊ መርሓ-ጉድና እዩ ኢልና ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ዕዮ ገዛ እዩ። እዘን 10 ነጥብታት እዚኣተን ኣብ ሽርክነት ኣፍሪቃን ቻይናን እንተድኣ ኣድማዕቲ ክኾና ኩይነን ዘለቕቕት'ውን ክህልውን እንድሕር ኩይኑ፡ ቅድም ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ናይ ኣፍሪቃ ሓደ ብሓደ ክጽንዐን ክኽእል ኣለዎ። እተን 10 ነጥብታት እንታይ ማለት እየን? ብኽልተኣዊ ደረጃ ንዓና ንኤርትራ እንታይ ማለት ክኸና ይኽእላ? ኣብ ጉድቦና ዘሎ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር'ከ ዘን ነጥብታት ብኸመይ ይርእየን? እዘን ነጥብታት ብኸመይ እየን ዝጸልዋኣ ወይ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር እንታይ እዩ ዝምድናታተን? ኣብቲ ምምልላእ ናይ ዞባ እንብሎ'ኸ ንሕና ዘን ነጥብታት ከመይ ኢና ንርእየን? እቲ ንሕና እንርእዮ ዳይመንሽንን እቶም ካልኦት ዝርእይዎ ዳይመንሽን በበመንገዱ ኣምጺእካ ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ስእሊ ንጹር ኣጠማምታ ከምዝህሉ ክትገብር ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ኑተን ነጥብታት ኣቕሪቡወን ኣሎ። ንሕና ድማ ንዓኣተን ሓደ ብሓደ ኣዳቒቕና እውን ከነንበበን፡ ክልተ ግዜ፡ ሰለስተ ግዜ፡ ኣርባዕተ ግዜ ክንሓስበለን ኣሎና። ናትና መግለጺታት ክንረኽበለን ምስ ፍሉይ ኩነታትና እናዛመድና ክንርድአን ክንክእል ኣሎና። ናህና መረዳእታ ወይ ገምጋም ወሲድና ክንከይድ እውን እኹል ኣይኮነን። ምስቲ ኣብ ጉድቦኻ ወይ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ'ውን ሓሳብ ንሓሳብ ክትለዋወጦ ክትክእል ኣሎካ።

ናይ ኣፍሪቃን ቻይናን ሽርክነትን ምትሕግጋዝን እንተድኣ ናይ ብሉጽ በዘን ቀረብን ዘለዋ 10 ነጥብታት ንቕድሚት ገጹ ክጥምት ኩይኑ ብኽፍሊ-ዓለም ደረጃ፡ ብክፍሊ-ዞባ ደረጃ፡ ብነፍሲ-ወከፍ ሃገር ደረጃ ክርአ ክኽእል ኣለዎ። እዘን 10 ነጥብታት እዚኣተን ናይ ብሓቂ ተረዲእናየን ኣሎና ዲና? ኣብቲ ዋዕላ እውን እንተኾነ ድግስ ጥራይ ተሳቲፍካ ስሚዕካን ምኻድ ዘይኮነ እንታይ ማለት እየን? ክንሓትት ምትግባእ ነይሩ። ኣብዚኣ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ? ካብዘን ኣቕሪብካየን ዘለኻ 10 ነጥብታት እዛ ቀዳመይቲ እንታይ ትብል ኣላ? እዛ ካልኣይቲ እንታይ ትብል ኣላ? ዓሰረይቲ እንታይ ትብል ኣላ? ተባሂሉ ብደቂቕ ክሕተት ምትግባእ። ተረዲእና ከይደና ዕዮ-ገዛና ገይርና ሓሳብና ከቕርብ ወይ ከኣ መደባትና ከጸፍፍ ክንፈልጠን ኣሎና። እዚን እቲን ከይበልካ ግን፡ ድሓን እተን 10 ነጥብታት ቀሪበን ኣለዋ፣ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር፡ ነፍሲ-ወከፍ መንግስቲ ድማ በበዝመሰሎ ዝወስደን ክኸውን የብሉን። ንዓመታ ወይ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ናይ ኣፍሪቃ - ቻይና ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ዝበዝሐ ዋዕላታት እንድሕር ኣሎ ኩይኑ፡ ዘን 10 ነጥብታት እንታይ ሐዚናለን ኣሎና? መልሲ ረኺብናለን'ዶ? ንዓኣተን ዝሰማማዕ ውጥናትን መደባትን ሒዝና ንመጽእ ኣሎና'ዶ? ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓፈሻዊ ቅርጺ ናይ ምትሕግጋዝ ናበይ ገጽና ክኸድ እናን? ከመይ ጌርና'ኸ ለውጢ ከምጽኣ እየን ኣብ ኣፍሪቃ? እዚ ተኣሚሙ ዘሎ መሰረታዊ ቁጠባዊ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል ዶዩ? ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ'ኸ ክጥቀመሉ ይኽእል ዶዩ? ቻይና'ኸ እንታይ እያ ክትገብር? ወዘተ. ዝበዝሐ ጉዳይ፡ ኣነ ዓብይቲ ዘይተመለሰ ሕቶታት ኣሎ በሃላይ እየ- ስለዚ እቲ ጉዳይ ገና'ዩ ዘሎ። ነፍሲ-ወከፍ ዕዮ-ገዛኡ ሰሪሑ ክቐርቦ ዘለዎ ጉዳያት ኣሎ። ንሕና ከኣ ጸባሕ ድሕሪ ጸባሕ እናበልና ንደናጎየሉ ምኽንያት የብልናን። እተን ዘለዋ ወረቓቕቲ ክንሕዞም ኢና።

***ክቡር ፕረዚደንት፡ ስለ'ቲ ዝሃብካና ሰፊሕ መብርሂ ኣመስግን።***

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ምንቀኛን ባህርያቱን

ንምዃኑ ምንቀኛ እንታይ ማለት እዩ? እንታይ'ከ ይመስል? መዝገብ ቃላት ከም ዝብሎ ብኽእለት ናይ ሰብ ምሕራቕ፡ ሓደ ክረክብ ዓይኒ ደም ምስራብ፡ ሓደ ክሕጎስ ምሕዛን፡ ኣስናን ሓርቀምቀም ምባል፡ ከንፈር ምንካስ ወዘተ ... ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጠባያትን ተግባራትን ናይ ምንቀኛ ባህርያት እዮም።

ንምንቀኛ ዘሐጉስ ተግባራት ከኣ፡ ክፉእን ሕሰምን ናይ ሰብ ምርኣይ፡ ሓደ ክበኪ ምፍንጫሕ፡ ሰብ ክዋረድን ክግረፍን ምስሓቕ፡ ብሓደጋ ምብራህ፡ ዝሓለፈሉ ሰብ ምስ ወደቐ እሰይ እንቋዓኒ ምባል እዩ። ምንቀኛ ሰብ ጽቡቕ ባህርያት ኣለዎ ዝበሃል ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ቅኑዕ ዝኾነ መንፈስ ኣረኣእያ የብሉን። ናይ ስነ-ልቦና ሊቕ ወዲ ስዊዝ ዮንግ ከምዝበሎ፡ ከም ኣመል ካባኻ ዘይፍለ ንዘልኣለም ነባራይ ጠባይ እዩ። ኩሉ ግዜ ንወዲሰብ ንምጉዳእ ዕጣቑን ውራዩን እዩ። ሎሚ ሰናይ ክገብር እየ ዝብለሉ እዋን የብሉን።

ኣመል ቀሪጽካ ክገድፎ እየ እንተ ኢልካ፡ ከም ሽጋራ ከም መስተ ይግደፍ እዩ። ምንቀኛ ግን ሱር ዝሰደደ፡ ከም ብስሚንቶ ተሃኒጹ ዝደልደለ ነባራይ እዩ። ዝኣርግ ዝስይብ ዝበሊ ኣይኮነን። ተሓኪሙ'ውን ኣይድሕንን'ዩ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናኸፍአ ክሳብ ህይወትካ ትሓልፍ ሰብ



እናጎድኦ፡ ኣብ መጨረስትኡ ኸኣ ምስ ሬሳኻ ተፋንዩ ኣብ መቓብርካ ምሳኻ ዝቕበር ሕማም እዩ። ስነ-ልቦና ተመራመርቲ፡ 'ሕማም' ከም ምዃኑ ኣሚኖምሉ እዮም። እንተ ኾነ ግን ዘይሓዊ ምዃኑ ኸኣ ፍሉይ ጠባይ ኣለዎ።

ሓደ ባህ ዘብል ነገር እንተ ርእዩ ናይ ሕልና ዕረፍቲ ኣይረክብን እዩ። ቅኑዕ ነገር እንተ ርእዩ ዓይኑ ኣይክእለሉን እዩ። ምንቀኛ ሰብ ክውገዝን ክኹነንን ክጽላእን ዘብቅዖ ምኽንያት ንንፉዕ ከስንፍ፡ ንዝቐንዐ ከጉብጥ እምበር ጽቡቕ ተግባር ዝበሃል የብሉን።

ጽቡቕ ድሙቕ ዝኾነ ሓዳር ኣብ ጎረቤቱ እንተ ርእዩ ይቐንእ። ሓደ ንፉዕ ሰብ ነቲ ንፉዕ ጎረቤቱ ካብ ቁዱስ ቅንኣት ተበጊሱ ንኽርክቦ ብስራሕ ይጽዕር። ንንፉዕ ከኣ የድንቖ፡ ይመራመር ብተንኮል ዘይኮነ ብቕንዕና ይመሃርን ይሓትትን። ምንቀኛ ሰብ ግን ናይ ተንኮል ገመድ ቋጺሩ ይዝርግሕ፡ መጻወድያ የጻውድ፡ ሓጹር የፍርስ፡ ኣጉዶ የንድድ፡ ሽም ሰብ የጥፍእ፡ ኣብ ፈቖዶ ጎደናታት ብኣሸሙር ይሸምጥጥ፡ እቲ ንፉዕ ጎረቤቱ ዝሰርሖ ስራሕ የዕኑ፡ ዘሕርቕ እምበር ዘስሕቕ የብሉን።

ጀርመናዊ ናይ ስነ-ልቦና ተመራማሪ ኣሾን ብሎህ ከምዝብሎ፡ "ክሓስብን ክመራመርን ዝኽእል ሰብ ኣእምሮ ምስ ዝህልዎ እዩ። እሞ ንምንቀኛ ክሓስበሉ ዝኽእል ሓንጎል እንተ ዝህልዎ ተንኮል ኣይምለመደን። ስለዚ ምንቀኛ ሓንጎል ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። ኣእምሮ የብሉን ኢልና ናይ ተፈጥሮ ጸግኡ ክንኩንኖ ኣሸጋሪ ይኹን እምበር፡ ጨጉሪ ርእሲ ኣለዎ እሞ ኣእምሮ ኸኣ ኣለዎ ክንብል ኣይንኽእልን።

ምንቀኛ ሰብ ናይ ምምዝዛንን ምምርማርን ክእለቱ ዝደኸመ ኾይኑ፡ ጽቡቕን ክፉእን ከይፈለየ ናይ ምዕናው ተልእኾ ንምፍጻም ዕማም ኣለዎ። ማዕረ ሰብ እንተ ዝኸውን ነይሩ፡ ሰብ ዝገብሮ ተወዳዲሩ ምገበረ። ስለዚ ምንቀኛ ማዕረ ሰብ ይቑጸር እዩ ኢልካ ምፍራድ ማለት ፍትሒ ምዝንባል እዩ።

ምንቀኛ ውሽጡ ቀፎ ኸሎ፡ ዘይ ስነ-ፍልጠታዊ ሸፋን እናተ ጠቕመ ብኣፉ ዓፈርፈር እናበለ ፈላጥ እውን ይመስል እዩ።

ሓደ ስሑዕ ሰብ ስሑዕ ከም ምዃኑ ኣይእመን እምበር፡ ገንዘብ ከም ዝፈቱ ኣይክሕድን እዩ። ከም ጅግንነት ሓሲቦም እውን "ፈታዊ ገንዘብ" እየ ኢሎም ዝጃሃሩ ኣይሰኣኑን እዮም። ምንቀኛ እየ ኢሉ ዝጀሃር ሰብ ግን ኣይተፈጥረን። ሓላዩ፡ ሓዛኒ፡ ተሰቀርቃሪ መሲሉ ብሕቡእ እናታለለ መሳምር ይወግኣካ፡ ኣብ ካልእ ስራሕ ኣእምሮ የብሉን። ኣብ ናይ ተንኮል ማእለማታት ከሎ ግን ሓንጎሉ ይሰርሓሉ እዩ።

ቅንኢ ምስ ፍቕሪ ተወሊዱ ምስ ፍቕሪ ይመውት። ንኣብነት ፍቕሪ ምስ በርትዓካ ትቕንእ። ፍቕሪ ምስ በለየልካ ቅንኢ ምስኡ ይጠፍእ። ምንቀኛነት ግን ምስ ጠቕሚ ተፈጢሩ ምስ ሬሳኻ ይቕበር። ቅንኢ እዚ ንዓይ እዩ ዝግባእ እዚ ናተይ እዩ ይብል። ወሰን ኣለዎ። ይርሳዕ እዩ፡ ፈታውን ጸላእን ይፈሊ እዩ። ምንቅኛነት ግን መጠን፡ ወሰን የብሉን። ንፈታውን ጸላእን ኣሕቢሩ ይጎድእ። ቅንኢ ይመራመር የመዛዝን ይርዳእን እዩ። ምንቅኻነት ግን ዘይመራመር ዕዉር እዩ።

ምንቀኛ ሰብ፡ ቤተሰብ፡ ስድራ ፋሕ ብትን የእቱ። ክሳብ ሕጂ ፍልጠቱ ዘመሓየሸ፡ ዘማዕበለ ምንቀኛ ኣብ ዓለም ኣይተራእየን፤ እንትርፎ ንድሕሪት ከም ሽንቲ ገመል ዝተመልሰ። እቲ ዓቢ ተግባራቱ ግን ንሰብ ምጉዳን፡ ንርኩብ ሰብ ምቕናእ። ብጽቡቕ ሓዳር ብምዕባለ ብንብረት ሰብ ተኽኽ ምባል። ብዘለብስዎ ጫማ ክዳን፡ ብዘድቅስሉ ዓራት፡ ኮፍ ብዝብልሉ ሳሎን፡ ብዝርእይዎ ተለቪዥን ቪድዮ፡ ብዝሰምዕዎ ራዲዮ ቴፕ ምሕራር፡ ድቃስ ምስኣን፡ ዓስ-ዓስ፡ ኣሕ፡ ጸር ጸር... እዩ ተግባራቱ።

ኣይረድ ደኣ'ምበር ብዛዕባ ምንቀኛን ባህርያቱን ክነንብብ ጸኒሕና፡ እሞ'ኸ ነፍስወከፍና ኣንበብቲ ኣበየናይ ባህርያት ከም ንርከብ ንነብስና ንሕተት። ኣብ ከምዚ ባህርይ እንተለና ኣይፋልናን ዓገብ። ንለወጥ።

# ኣገረምቲ ሓቅታት ብዛዕባ ባጤራ

ባጤራ ኩወይት ዲናር ኣብ ዓለምና እቲ ዝኸበረ ምዃኑ ዝተፈልጠ'ዩ። እንተ ኹነ ግና፡ ንፈለማ እዋን ዝተሓተመ ባጤራ ናይ መን ምዃኑ፡ ወይ ድማ 100 ሽሕ እትሸረፍ ሓንቲ ናይ ኣመሪካ ዶላር ምንባራኽ ትፈልጡዶ? ኣሰዒብና ኣገረምቲ ሓቅታት ገንዘብ ከነቕርበልኩም፦

እታ ንፈለማ እዋን ስእላ ኣብ ዶላር ዝተዘርገሐ ጓል-ኣንስተይቲ ማርታ ዋሽንግቶን'ያ። ስእሊ'ዛ ሰበይ ፕረሲደንት ኣመሪካ ዝነበረ ጆርጅ ዋሽንግተን ዝኾነት ማርታ ካብ 1886 ክሳብ 1891 ኣብ ሓንቲ ዶላር ይሕተም ነይሩ።

ኣብ ናይ ሓጺን ሰናቲም ዘሎ ሕርጎሕርጎ ንጽባቐ ተባሂሉ ዝግበር ኣይኮነን። ቅድም ሰናቲም ካብ ወርቅን ብሩርን ክስራሕ እንከሎ፡ ተምየንቲ ንጫፍ'ቶም ሓጻውን ብመብረድ ብምጽራብ፡ ነቲ ዝተኣከበ ማዕድን ይእክቡ ኔሮም። ነዚ ንምክልኻል'ዩ ድማ፡ ጫፍ'ቶም ሰናቲም ሕርጎሕርጎ ክኸውን ዝተወሰነ። ኣብ'ዚ እዋን ናይ ሓጺን ገንዘብ ካብ ክቡር ማዕድን ምስራሕ'ኳ እንተ ተረፈ፡ ጫፎም ግና ክሳብ ሕጂ ሕርጎሕርጎ'ዩ ዘሎ።

ዝተጨማደደ ገንዘብ ኣብ ፎርኖ ማክርወይቭ ን20 ካልኢታት ምስ እነእትዎ፡ ናብ'ቲ ናይ ቅድም ምስሉ ይምለስ።

ክሳብ ሕጂ ዝተሓተመ ዝለዓለ ዋጋ ዘለዎ፡ ባጤራ ዶላር፡ እቲ ኣብ 1934 ተሓቲሙ ክሳብ 1945 ዘገልገለ ናይ 100 ሽሕ ዶላር'ዩ። ብዘይካኡ ድማ፡ ናይ 10 ሽሕ፡ 5 ሽሕን ሓደ ሽሕን ባጠራ ዶላር'ውን ነይሩ'ዩ።

ባጤራ ዓባይ ብሪጣንያ ዝኾነ ፓውንድ እቲ ዝገደመ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣገልግሎት ዘሎ ናይ ዓለምና ባጤራ'ዩ። እዚ ኣብ መበል 8ይ ክ\ዘ ንፈለማ እዋን ተሓቲሙ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ዝጀመረ ፓውንድ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 1300 ዓመታት ዕድመ ኣለዎ።

ንፈለማ እዋን ኣብ ታሪኽ ዓለምና ኣብ ኣገልግሎት ዝወዓለ ባጤራ ግና፡ ኣብ ግሪኻዊት ደሴት ኣይጂንያ ዝተሓተመ'ዩ። እዚ ኣብ እዋን ንጉስ ኣሊያትስ ዝተሕተመ ባጤራ ንልዕሊ 20 ዓመታት እቲ ንጉስ ክሳብ ዝመውት ኣብ ኣገልግሎት ዝነበረ'ዩ።

ሓንቲ ባጤራ እዛ ደሴት ክንዲ ወርሓዊ ደሞዝ ሓደ ሰራሕተኛ'ዩ ዝበጽሕ ነይሩ። 11 ኣባጊዕ




ንምግዛእ'ውን ይኣክል ነይሩ። እዚ ባጤራ ካብ ኤሌክትሩም ዝባሃል ሕውስዋስ ወርቅን ብሩርን ዝተሰርሐ'ዩ ነይሩ።

ዝኾነ ባጤራ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል እንተ ኾይኑ፡ ካብ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍልጦ ክወሃቦ ኣለዎ። ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ባጤራታት እቶም 22 ዶላር ዝብል መጸውዒ ኣለዎም። ናይ ኣመሪካ ዶላር፡ ናይ ካናዳ ዶላር ናይ ኣውስትራልያ ዶላር ምህላዎም ብዙሓት ዝፈልጡዎ ሓቂ'ዩ። ብዘይካኦም ግና፡ ከም ታይዋን፡ ኒውዚላንድ፡ ጃማይካ ሆንግ-ኮንግን ካልእ ብርክት ዝበላ ሃገራት'ውን ንዶላር ከም ሕጋዊ ባጤራኦን ይጥቀማ። እቲ ዶላር እንትርፎ ኣብ ስም ኣብ ምስሊ ይፈላለ'ኳ እንተ ኹነ፡ ንዶላር ኣመሪካ ከም ሃገራዊ ባጤራኦን ዝጥቀማ ሃገራት'ውን ኣለዋ።

ናይ ዓለምና ዝገደመ ባንክ፡ ኣብ ሃገረ ኢ.ታሊ ዘሎ፡ ባንክ ሞንተ ዲ ባስኪ እዩ። እዚ ኣብ 1472 ስራሑ ዝጀመረ ባንክ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣገልግሎት ኣሎ።

ኣብ ዓለምና ካብ ዘሎ ብዝሒ ባጤራ'ቲ 10% ጥራይ'ዩ ተሓቲሙ ዘሎ'ምበር፡ እቲ ዝተረፈ ግና፡ ኣብ ቁጽሪ ዝተመዝገበ ዲጂታላዊ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን እቲ ዝበዝሐ ፊናንሳዊ ንጥፈታት ብመንገዲ መራኸቢ ኢንተርነትን ሞባይላትን ይፍጸም ብምህላዉ፡ ኣገባብ ካሽ እናጎደለ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ምስ ግዜ ድማ፡ ናይ ወረቐት ባጤራ ካብ ዕዳጋታት ዝጠፍኡ ግዜ ይመጽእ ምህላዉ፡ ኪኢላታት'ዚ ዓውዲ ይገልጹ።

ሃገር ሃንጋሪ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ድሕሪ ዘጋጠማ ዝዓበየ መጠነ ዝቕባዕ፡ ናይ 100 ቢልዮን ዋጋ ዘለዋ ባጤራ ኣሓቲማ ኔራ። ኣብ'ታ ባጤራ ድማ፡ ነቲ ምልክት ቢልዮን ዝኾነ ዜሮ ገዲፎም "100 B" ዝብል መለለዩ'ዮም ጽሒፎም። እዛ ኣብ 1947 ዝተሓትመት ባጤራ ኣብ ተግባር ክትውዕል ስለ ዘይከኣለት ግና፡ መንግስቲ 'ታ ሃገር፡ ነቲ ፒንጎ ዝብል መጸውዒ ዝነበሮ ባጤራ'ታ ሃገር፡ ፎሬንት ብዝጽዋዕ ሓዲሽ ባጤራ ድሕሪ ምትካእ፡ እዛ ታሪኻዊት ባጤራ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኰይና።

ኣብ ኣመሪካ ባጤራ ቅድሚ ምምሃዙ፡ ንግዳዊ መስርሕ ብቑርበት እንስሳታት'ዩ ዝካየድ ነይሩ። ኢልክ ባክስ ዝጽዋዕ ቆርበት ተባዕታይ ዓጋዜን ተደላይነት ስለ ዝነበሮ፡ እቲ ንግዳዊ ንጥፈታት ብእኡ'ዩ ዝካየድ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ ድማ፡ ሎሚ ብዙሓት ንዶላር "ባክስ" ብዝብል መጽውዒ ዝጽውዕዎ ዘለዉ።

*መንእሰይ ቍ.78*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ሸሻይ ግርማይ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ኣስመሮም የማነ ርእሶም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሕለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ትርሓስ ዓንደማርያም ተስፋሚካኤል ምግቢ ተረፋ፡ ሚሪ ዓንደማርያም ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ደርጋኣለም ተስፋጊርግሽ ተላ ተመዝጊቡ ኣብ ዓመት 2005 ብዓዲ ጉዳይፍ ዝተዋህበ ናይ ጤሳ ምርሒት ሰነድ ስለዝጠፍኣ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁ/ቴሌ 07532807 ወይ ን7ይ መደበር ፖሊስ ሓቢሩ ከቕርበለይ እሓትት፡፡ እንተዘይከይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ንክወሃበኒ ከመልክት ምዃነይ እገልጽ፡፡

ደርጋኣለም ተስፋጊርግሽ ተላ

ወ/ሮ ሰምሃር የውሃንስ ኣስመራ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት መስተን ፋስት ፉድን ንግዳዊ ትካለን "ልዮና ባርን ፋስት ፉድን" (LEONA BAR & FAST FOOD) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይተረኽበ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ብስም መኮንን ኣፈወርቂ ጊላዝጊ ኣብ ዓዲ/ኮበ ጻዕዳ ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 264 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 008872 ፕሎት 141 ፓርስል J ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07452914 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

መኮንን ኣፈወርቂ ጊላዝጊ



### ምስጋና

ብሞትውእቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ብዓል ቤተይ መስፍን ተወልደ ሰዩም ዝተሰመዓና መሪርን ከቢድን ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሩ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ብምኻድ ሓመድ ኣዳም ዘልበስኩም፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ካብ ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኸቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ብዓል ቤቱ ወይዘ ወልደገብረኤል ምስ ኩሎም ደቃን ምስ ምሉእ ስድራቤትን፡፡



### ምስጋና

ብሓደጋ መኪና ብሞትውእቲ ዝተፈልየና ኣዚና እነፍቅሮ ወድና ሳሙኤል ሃብታይ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፡ ብኣካልን ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ፡ ፈተውትን መሳርሕትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኸቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ወለዱ ኣቶ ሃብታይ ተኽለማርያም፡ ወ/ሮ ምሕረት ዓንደብርሃን

ብዓልቲቤቱ ወ/ሮ ኣዜብ ክፍለማርያም ምስ ምሉእ ስድራቤት

# NOTICE

Notice is hereby given to the public that "**NGISTI Private Limited Company**" has been formed among the following members.

**A)** Shareholders

| S/N | FULL NAME | NATIONALITY | ADDRESS | NO. OF SHARES | VALUE OF SHARES |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Tsegay Kidane Weldetinsae | Eritrean | Asmara | 60 | 600,000 |
| 2 | Mrs. Yorusalem Yemane Tesfamichael | Eritrean | Asmara | 60 | 600,000 |
| | Total | | | 120 | 1,200,000 |

**B)** The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

**C)** The total fully paid up capital of the company is Nakfa one million and two hundred thousand (1,200,000.00) divided in to one hundred and twenty (120) shares of par value of Nakfa ten thousand (10,000.00) each and is paid in cash and in kind.

**D)** The business purposes of the company shall be:

- To engage in any food processing activity
- To engage in the wholesale and retail of cereals, spices, pepper, shiro, and other food products like enjera, hambasha, hilbet, hanza, and other foodstuffs edible and non edible.
- To engage in the business of clearing and forwarding
- To engage in the business of transport, travel and tour, and ticketing services
- To engage in the business of hotel, bar, and restaurant services
- To engage in the business of real estate, maintenance and sales of old buildings
- To engage in the retail of building, agricultural materials and machinery, and spare parts
- To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, brokerage, wholesale, and retail of related activities.

**E)** Mr. Tsegay Kidane is appointed as the general manager for unlimited period of time.

**F)** The period for which the company is established is unlimited.

**NGISTI PRIVATE LIMITED COMPANY**

ንግስቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዩኤል፡ ኣብ ጫፍ ዓወት

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ባይክ ኣይዶ ዩኤል ሃብተኣብ፡ ናይ ዙር ፖያንግ ሌክ ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ሐዚዋ ክውድእ እንኮ መድረኽ ተሪፉዎ።

ትማሊ. ዝተኻየደት ታሽዕይቲ መድረኽ፡ ዝኾነ ናይ ዓቕብ ነጥቢ. ዘኽስብ ቅርጺ. መሬት ስለዘይነበራ፡ ኣብዛ ማልያ ለውጢ. ክፀግዚይመጽእ፡ ብኡጋኡ ፍሉጥ እዩ ነይሩ።

ዝበዝሑ ተቐዳደምቲ ብሓባር ዝወድኡላ እዛ 115.8 ኪሎሜተር ዝሸፈነት ዕለተ ውድድር፡ ማርቲን ላስ እዩ ብ2 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 16 ካልኢትን ተዓዊቱላ። በዚ. ከኣ፡ ኣቐዲሙ ንሳልሰይቲን ሻሙነይቲን መድረኻት ተዓዊቱለን ዝነበረ እዚ. ኢስቶንያዊ ተቐዳዳማይ፡ ሃትሪክ ክሰርሕ ክኢሉ። ዩኤልን ወዲ. ጋንታኡ ዳዊት የማነ፡ ግዜ ከይከሰሩ ማብል 17ን 43ን ኣትዮም።

ብወጽኢት እዚ. መድረኽ፡ ፐትር ሬኩኖቭ ብ18 ሰዓት፡ 32 ደቒቕን 38 ካልኢትን ብጫ ማልያ ለቢሰዋ ኣሎ። እዚ. ሩሲያዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ቸንግዱ፡ ብ115 ነጥቢ.'ውን - ኑቲ 110




ነጥቢ. ኣከቡ ዘሎ ማርቲን ላስ በሊጹ ቀጠልያ ማልያ ዓቒብዋ ኣሎ።

ወዲ. 20 ዓመት ናይ ቅድም ኣባል ኤሪ ተል ዩኤል፡ ዛጊት ብ25 ነጥቢ. ንማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ለቢሰዋ ኣሎ። ዳዊት፡ ብ19 ነጥቢ. ይኽተሎ።

119.3 ኪሎሜተር እትሸፍን 10ይቲን መዛዘሚትን መድረኽ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ 10 ኪሎሜተራት ተሪርን ዝለዓለ ነጥቢ. ዘኽስብን ናይ ሆርስ ካታጎሪ ዓቕብ ኣለዋ። ዩኤል፡ ኣብዚ. ቦታ'ዚ. ማልያኡ ዘውሕስሉ ነጥቢ. እንተኣከበ ወይ ብውሑድ ፍልልይ ድሕሪኡ ዘለዉ. ተቐዳደምቲ ኣብዚ. ቅርጺ. መሬት'ዚ. ብዙሕ ነጥቢ. እንተዘይኣኪቦም፡ ሐዚዋ ክውድእ ይኽእል እዩ።

እዚ. ከፀዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ትረንጋ መትከል እያሱ፡ ካብ ሎሚ ሓሙስ ጀሚሩ ኣብ ቱርኪ. ኣብ ናይ ኣርባዕተ መድረኻት ውድድር ክጽመድ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳደምቲ ክሉብ በይኩዝ ናትናኤል ብርሃነ ጴጥሮስ መንግስቱን እውን ኣብዚ ውድድር ክሰተፉ እዮም። ኣባል ኣስታና ሄኖክ ምሉእብርሃን ከኣ፡ ሎሚ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጽመድ እዩ። መትከልን ሄኖክን፡ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም 2024 ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ክለብሱ ተሓጺዮም ምህላዎም ይፍለጥ። ጽቡቕ ዕድል ንተቐዳደምትና!

## ብራዚል፡ ኣብ መዋጥር

### ኣርጀንቲና ተሳዒራ

ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል፡ ትማሊ. ወጋሕታ ኣብ ግጥም መጻረዪ. ዋንጫ ዓለም 2026፡ ብፓራጓይ 1-ብ0 ብምርታዓ፡ ራብዓይ ስዕረት ክትሰከም ተቐሲባ።

ብራዚል፡ ኣብዚ ንሓላዊ ልዳት ኣሊሶን፡ ኣከፉፈልቲ ብሩኖ ግማረስን ሉካስ ፔኬታን፡

ሃጉ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ፍጻመ ጸወታ ክትበጽሕ ምኳና ብኡጋኡ ደፊሩ ብምዝራብ፡ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ እዩ። እንተኾነ፡ ስዕረት ብፓራጓይ እታ ጋንታ ጌና ናብ ብቑዓት ከፀዘይተመልሰት ኣጸቢ ሩሉ ኣሎ።



ከምኡ'ውን ሰለስተ ኣጥቃዓቲ ሪያል ማድሪድ ቪንሸየስ፡ ሮድሪጎን ኢንድሪክን ካልኦትን ዘሰለፈትላ ጸወታ ክትዕወት ብዘይምኽኣላ፡ ንብዙሓት ደገፍታ ኣቐሒራ ትርከብ። ዛጊት ኣብ ሸሞንተ ናይ መጻረዪ. ግጥማት፡ ኣብ ሰለስተ ጥራይ ተዓዊታ ኣላ። ምስታ ሓንሳብ ማዕሪ. ብምውጻእ ዝወሰደታ ሓንቲ ነጥቢ. ድማ፡ 10 ነጥቢ. ሒ.ዛ ሓሙሻይ ደረጃ ሒ.ዛ ትርከብ።

ኣብ ወርሒ. ጥሪ ኣሰልጣኒ. እዛ ህቡብቲ ጋንታ ኮይኑ ዝተመርጸ ዶሪቫል ጁኒየር፡ ኣብ ኮፓ ኣመሪካ ክንዮ ርብዒ. ፍጻመ ከሕልፋ ኣይከኣለን። እዚ. ዓላሚ፡ ዝሓለፈ. ሰሉይ

ተኸላኸሊ. እዛ ጋንታ ማርኪኒዮስ ብዛዕባ'ዚ. ዓላሚ ክዛረብ እንከሎ፡ "ጌና እቲ ዝበለጸን ዓወት ከነመዝግበሉ እንኽእልን ጸወታ ከፀጽእ እዩ ዘሰርሕ ዘሎ።" ብምባል ይገልጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ "ብዙሓት ሓደስቲ ተጻወትቲ ኣለዉና፣ ይኹን'ምበር፡ ርእሰ ምትእምማን ውሑዳትና ኣሎ" ዝበለ እዚ. ተጻዋታይ ክሉብ ፒኤስጂ፡ "መጻረዪ ግጥማት ቀሊል ኣይኮነን።

ከመይ ከም እነመሓደሮ ክንፈልጥ ኣሎና። ኣብ ናይ ምስጥጋር ግዜ ኢና ዘሎና፣ ስለዚ. ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ይሰምዓና የለን። ኣብርቲዕና ክንሰርሕ ግና ኣሎና። እቲ ዝበለጸ መልሲ. ኣብ ሜዳ ወጽኢት ምምዝጋብ እዩ።" ኢሉ።

ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ብምልዓል ኣብ ቅድሚት እትርከብ ብራዚል፡ ኣብዚ. መጻረዪ. ግጥማት ይኹን ብሓፈሻ ኣብዚ. ዝሓለፈ. ቀረባ ዓመታት እተንጸባርቖ ዘላ ብቑዓት ትሑት ምኳኑ ይትንተን። ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታን ከዕሶ እግርን ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ምኳኑ ዝእመነሉ ሮናልዲኖ፡ ዝሓለፈ. ወርሒ. ሰ ነዛ ናይ ሕጂ ሃገራዊት ጋንታ "ምናልባት ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት እታ ዝሓመቐት ጋንታ" ክብል ምንቃፉ'ውን፡ ሓደ ካብቲ ኣብነት ምኳኑ ይግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሻምፕዮን ዓለም 2022 ዝኾነት ኣርጀንቲና'ውን ሰሉስ ምሸት ብኮሎምብያ 2-ብ1 ተሳዒራ። ቅድሚ ክልተ ወርሒ. ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ኣመሪካ ብኣርጀንቲና ዝተሳዕረት ኮሎምብያ፡ በዚ ምሸት ብመጠኑ ሕነኣ ፈዲያ። ዋንጫ ዓለም ድሕሪ ምዕታራ ካብ ዘካየደቶም 18 ግጥማት ኣብ ክልተ ጥራይ ዝተሳዕረት ኣርጀንቲና፡ ዚ. ናይ ደቡብ ኣመሪካ ምድብ ብ18 ነጥቢ. ትመርሖ ኣላ። ኮሎምብያ ብ16 ነጥቢ. ትስዕብ፣ ኡራጓይ ብ15፡ ኤኳዶር ብ11 ነጥቢ. ሳልሰይቲን ራብዐይቲን ተሰሪዐን ኣለዋ። ካብዚ. ናይ ደቡብ ኣመሪካ (ላቲን ኣመሪካ) ምድብ፡ ሽዱሽተ ሃገራት ብቐጥታ እየን ናብ ዋንጫ ዓለም 2016 ዝሓልፋ።

## ሮናልዶ፡ ብዛዕባ ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር . . .

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ውልቃዊት ሽልማት ባሎን ዲ'ኦር ክዕትሩዋ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም ተጻወትቲ ኣብ ዝጠቐሰሉ፡ ንኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ከይላን ዝርከቦም ሰለስተ ተጻወትቲ ጠቒሱ።

ኣብቲ ሓዲሽ ናይ ዩትዩብ ቻነሉ፡ ምስ ሪዮ ፈርዲናንድ ኣብ ዝገበሮ ቃለመሕትት፡ "ከፀዝመስለኒ ምባፐ ጽቡቕ ይሰርሕ ኣሎ።" ዝበለ ሮናልዶ፡ "ውሻብ ሪያል ማድሪድ ጽቡቕ እዩ። ኣብዛ ጋንታ ነዊሕ ዝጸንሑ ብሉጻት ኣሰልጠንቲን ፕረዚደንትን ኣለዉ። ምስ ዘለዎ ተወህቦ ከኣ፡ ጸገም ዘለዎ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ስለዚ፡ ምባፐ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ዕወት ባሎን ዲ'ኦር ክኸውን ይኽእል እዩ።" ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ. ገዳም ተጻዋታይ፡ "ሃላንድ፡ ጁድ በሊንግሃምን ላሚን ያማልን እውን ብተመሳሳሊ። እዞም ሓደስቲ ወለዶ ብዙሕ ዓቕሚ (ክእለት) ኣለዎም።" ኢሉ።

ኣብቲ ዕለት ናይ ጸወታ ግዜኡ ብዙሓት ውልቃዊ ሽልማት ዝልዓለ ሮናልዶ፡ ሓሙሽተ ግዜ ነዛ ተበሃጊት ውልቃዊት ሽልማት ዓቲሩዋ እዩ። ድሕሪ ሸሞንተ ግዜ ዝተሸለመላ ሊዮኔል መሲ. ከኣ ይስዕብ። ዝሓለፈ. ሰሙን፡ ኣብ ሓጺር ዝርዝር ሕጹያት ናይ 30 ተጻወትቲ ስም ዘይርገሓት ባሎን ዲ'ኦር፡ ዝመጽእ 28 ጥቅምቲ ኣብ ፈረንሳ ከተማ ሞናኮ ክትዕደል እያ።



## ቅንጥብጣብ

* ኣከፋፋሊ. ሊቨርፑል ሃርቪ. ኤሊዮት፡ ክሳብ ወርሒ. ጥቅምቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከፀዝኽእል ተገሚቱ - ብሰንኪ. ናይ እግሪ መጉዳእቲ።

እዚ. እንግሊዛዊ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 21 ዓመት ሃገራዊት ጋንታኡ ልምምድ እናገበረ እዩ መጉዳእቲ ገጢምዎ።

* ሓደ ካብቶም ኣብ ሓዲሽ ዘመን ስልጣን ቶድ ቦህሊ. ናብ ቸልሲ. ብዙሕ ሂታ ዝተገዝኡ ተጻወትቲ ዝኾነ ዳቪድ ዳትሮ ፎፋና፡ ናብ ግሪኻዊት ክሉብ ኢ.ኢ.ኬ ኣተንስ ብልቓሕ ክጻምበር ተሰማሚዑ።

እዚ. ውዕል፡ ብቐዋሚ ናይ ምግዛእ ኣማራጺ. ዘለዎ ኮይኑ፡ መልቀቒ ዋጋኡ 20 ሚልዮን ፓውንድ እዩ።

* ሰሉስ ምሸት ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ብስራ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ተቐዪሩ ዝወጸ ናታን ኣኬ፡ መጉዳእቱ ንነዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ከይፈልዮ፡ ነታ ኣብዛ ወርሒ.'ዚኣ ጸዑቕ ጸወታ ዝጸበያ ጋንታኡ ማን ሲቲ ኣሰኪፉዋ።

እዚ. ሆላንዳዊ፡ ኣብቲ ምስ ጀርመን 2-ብ2 ዝተፈላለዩሉ ግጥም እዩ እናንብዐ ኣብ ባሬላ ተሰኪሉ ክወጽእ ተቐሲቡ።

ጸዑቕ ሰሌዳ ጸወታ ተሰሪዐላ ምህላዉ. እትግለጽ ማን ሲቲ፡ ቀዳም ኣብ ሜዳኣ ንብሬንትፎርድ ዓዲማ ናይ ሊግ ግጥም ድሕሪ ምክያዱ፡ ረቡዕ 18 መስከረም ምስ ኢንተር ሚላን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ሰንበት 22 መስከረም ምስ ኣርሰናል፡ ሰሉስ 24 መስከረም ኣብ ካራባኦ ካፕ ምስ ዋትፎርድ፡ 28 መስከረም ከኣ፡ ናብ ኒውካስል ተጓዒዛ ናይ ሊግ ግጥማ ክትቅጽል እያ።



## ኣደጋርደ፡ ንሰለስተ ሳምንቲ ከበኮር እዩ

ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ማርቲን ኣደጋርድ፡ ሰኡይ ምሸት ብሰንኪ. ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ እንተወሓደ ንሰለስተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከፀዝኽእል ተገሚቱ ኣሎ።

እዚ. ኖርዌጃዊ፡ ኣብ ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ንኦስትሪያ 2-ብ1 ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ እዩ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ተቐዪሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ብሓገዝ ምርኩስ ናብ ኣውራት ክስቅል ዝረኣዩዎ ድማ፡ መጉዳእቱ ከቢድ ክኸውን ከፀዝኽእል ግምቶም ሂቦም ነይሮም።

ብመሰረት ዶክተር ናይ'ዛ ሃገራዊት ጋንታ ከኣ፡ ሰሉስ ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ናብ ለንደን ዝኸደ ኣደጋርድ፡ ዋላ'ኳ ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ ማሰበርቲ እንተዘየጋጠሞ፡ እንተወሓደ ነዚ ተሪፈን ዘለዋ ሳምንቲ ናይ ወርሒ. መስከረም ግና፡ ክሰረን እዩ።

"ከፀዚ. ናይ ዓንካር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ ኩሓዊ መብዛሕትኡ ግዜ እንተወሓደ ሰለስተ ሳምንቲ እዩ ዝወስድ።" ዝበለ እዚ. ኦላ ሳንድ ዝስሙ ዶክተር፡ "ካብኡ ወጻኢ. እንተኾይኑ፡ ዝያዳ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። መጉዳእቲ ዓንካር ዓንካሪቶ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ እዩ። ንማርቲን እውን ኣዝዩ ኣቐንዚዩዎ እዩ፣ ኣዝዩ ድማ ተሻቒሉ ነይሩ።" ኢሉ።

ኣቐዲሙ'ውን ሰንበት ምስ ቶተንሃም ኣብ ዝካየድ ግጥም ምስላፉ ኣጠራጣሪ ምኳኑ ዝገለጸ ኣደጋርድ፡ እዚ. ተገሚቱ ዘሎ ግዜ እንተተረጋጊጹ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ማን ሲቲ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ፡ ምስ ኣታላንታን ፒኤስጂን ኣብ ዘካይድዎ ግጥም ኣገልግሎት ኣልቦ ክኸውን ክቕሰብ እዩ።

## ፖቸቲኖ፡ ናብ ስራሕ ተመሊሱ

ንሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ኣመሪካ ክዕልማ ኣብ ስምምዕ በጺሑ ክብሃሉ ዝቐጸየ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ፡ ብቕድሚ ትማሊ. ብወግዒ መዚኑት ተቐቢሉ።

ምስ ምውዳእ ወቕቲ ስፖርት 2023-24 ካብ ቸልሲ. ዝተባረረ ፖቸቲኖ፡ ንቦታ ግረግ በርሃልተር እዩ ተኪኡ ዘሎ። በርሃልተር፡ ኣብ ኮፓ ኣመሪካ ካብ ምድብ ድሕሪ ምግላፉ እዩ ካብ መዝኑ ተኣልዩ።

ፖቸቲኖ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንሳውዝሃምፕተንን ቶተንሃምን፡ ኣብ ሊግ 1 ፈረንሳ ከኣ፡ ንፒኤስጂ ምዕላሙ ይዝከር።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ደ.ሪ.ኮንጎ - ክታበት በዲዶ ህበይ ብቐልጡፍ ክኣቱ ክኢላታት ይምሕጸኑ

ክኢላታት ጥዕና ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ክታበት 'በዲዶ ህበይ' (ማንኪ. ፖክስ)፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብታ ሃገር ክኣቱ ተማሕጺኖም።

መዓልታዊ መብዝሕትኦም ህጻናት ዝኾኑ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ብበዲዶ ህበይ ተለኺፎም፡ ናብ ሕክምና ይኣትዉ ከምዘለዉ ዝሓበሩ እቶም ክኢላታት፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ዘሎ ሕጽረት መሳርሒ ሕክምናን ክታበትን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝርከቡ ግዳያት ናይ'ቲ ሕማም ብግቡእ ክእለዩ ከምዘይክኣሉ ኣገንዚቦም።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኮሚሽን ኤውሮጳ ኣስታት 200 ሽሕ ክታበት በዲዶ ህበይ ናብ ደ.ሪ.ኮንጎ ከምዘለኣኸ እኳ እንተሓበረ፡ እቲ ክታበት ናብቲን ዝያዳ ተሃሲየን ዘለዋ ገጠራት'ታ ሃገር ንምብጻሕ ብዙሕ ግዜ ከምዝወስድ እየም እቶም ክኢላታት ብዝወሰኸ ኣረዲኦም።

ብሰንኪ ጸገማት ትሕተ-ቅርጺ መጎዓዝያ፡ እቲ ክታበት ናብ ኩሉ ኩርናዓት ክበጽሕ ከምዘይክኣለ'ዩም ሰብ መዚ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝገልጹ።

ብሕማም በዲዶ ህበይ (ማንኪ. ፖክስ)፡ ቀንዲ ተሃስየን ኣብ ዘለዋ ሃገራት፡ ክታበት ብቐልጡፍ ክዕደል እንተዘይክኢሉ እቲ ሕማም ናብ ሓያሎ ሃገራት ክዝርጋሕ ዘሰግእ ምኽንያት ማዕከን ቁልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) የጠንቀቐ።




ክሳብ 2025 ኣብ ዘሎ እዋን፡ 12 ሚልዮን ክታበት ናብዞን ብመልከፍቲ ሕማም በዲዶ ህበይ ዝሳቐያ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ ክበጽሕ ከምዘለዎ እቲ ትካል ይጽውዕ።

ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ካብቲ ኣብዘን ዝሓለፉ 8 ኣዋርሕ ጥራሕ፡ ልዕሊ 18,000 ሰባት በቲ ሕማም ክልከፉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 635 ድማ ሞይቶም።

ቀንዲ ምልክታት ሕማም በዲዶ ህበይ፡ ረስኒ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካላት ዝረአ ማይ ዝመልኦ ፍሑይ ዕንፍሩር፡ ምዕጻው ሸውሃትን ቃንዛ ጭዋዳታትን ምዃኑ ክኢላታት ጥዕና የረድኡ።

## ላይበርያ - ካብ ቤት-ማእሰርቲ 47 ሰባት ሃዲሞም

ኣብ ግዝኣት ማርጊ- ላይበርያ ካብ ዝርከብ ቤት-ማእሰርቲ፡ 47 እሱራት ከምዝምለጡ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

እቲ ኣብ ሓደ ካብቶም ብጽኑዕ ከምዝሕሎ ዝነገረሉ 'ካኪታ' ዝተባህለ ቤት-ማእሰርቲ ዝተኸየደ ህድማ እሱራት፡ ብሰንኪ ጉድለት ናይ ጸጥታ መሳርሒታት ከምዝተኸስተ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ፍትሒ'ታ ሃገር፡ ኑቶም ተደለይቲ እሱራት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዳግማይ ንምሓዝ ሓይልታት ጸጥታ ተዋፊሮም ከምዘለዉ ኣፍሊጡ።



ብተወሳኺ፡ ሃገራዊ ፖሊስ ላይበርያ፡ ብዙሓ. ዘለዎ ዓቕሚ ሰብ ኣዋፊሩ ኑቲ ናይ ምድላይ መስርሕ ብዕቱብ የሰላስሎ ከምዘሎ እዩ እቲ ሚኒስትሪ ጠቒሱ።

እቶም እሱራት ካብ ተደረቢ ክሲ ንምድሓን ብገዛእ ፍቓዶም ኢዶም ክህቡ ዝጸወዐ ሚኒስትሪ ፍትሒ ላይበርያ፡ ህዝቢ ነቶም እሱራት ኣብ ምሓዝ ክተሓባበር ጸዊዑ።

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር - ላይበርያ፡ እሱራት ብተደጋጋሚ ከምዝሃድሙ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ጠንቂ ድማ ኣብታ ሃገር ዘሎ ብዙሓ. እሱራትን ድኽም ጸጥታዊ ሓለዋን ምዃኑ ይሕብሩ።

ኣብ ሚያዝያ 2021 ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ላይበርያ - ግዝኣት ሚሪላን ካብ ዝርከብ ቤት-ማእሰርቲ ሃርፐር፡ 90 እሱራት ከምዝሃደሙ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ የመልክቱ።

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኪንሻሳ - ደ.ሪ.ኮንጎ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ህድማ ፈተነ፡ ህይወት 129 እሱራት ከምዝሓለፈ እዩ ዝሕበር።

## ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓዲሽ እገዳ ትእውጅ

ኣመሪካ፡ ኢራን ናብ ሩሲያ ሓጺር ርሕቀት ዝውንጨፍ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ከምዝለኣኸት ብምሕባር፡ ኣብ ልዕሊኣ ሓዲሽ እገዳ ከምዝኣወጀት ተቓሊሑ።

ኢራን ካብቲ ብዙሉ ብጸጹር ዘይተፈለጠ፡ ፋት-360 ዝዓይነቱ፡ ሓጺር ርሕቀት ዝጎዓዝ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ናብ ሩሲያ ከምዝለኣኸት እዩ፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ. ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንክን ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጹ።

"ንኢራን ብተደጋጋሚ ካብ ከምዚ ዓይነት ንጥፈት ክትቁጠብ ጸዊዒት ከቕርበላ ጸኒሕና ኢና" ዝበለ ብሊንክን፡ "ሩሲያ ነዚ ሕጂ ካብ ኢራን ዝተቐበለቶ ሚሳይል ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት፡ ብርግጽ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን መጥቃዕቲ ንምኽያድ ክትጥቀመሉ እያ" ክብል ተዛሪቡ።

በዚ ኸኣ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ መጎዓዚ ኣየር ኢራን ሓዲሽ እገዳ ከምዝነበረት ሰብ መዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኑቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ዘሎ ክሲ ብትሪ ዝነጸገት ኢራን፡ ናብ ሩሲያ ዝኾነ ዓይነት ሚሳይል ከምዘይለኣኸት ብምጥቃስ፡ እዚ ሕጂ ብኣመሪካ ቀሪቡላ ዘሎ ክሲ ሓደ ካብ ዓይነታት ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅዲ-ኲናት ምዃኑ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ኢራን ናስር ካናኒ ንማዕከናት ዜና ሓቢሩ።

ካብ 1979 ኣትሒዛ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝተፈላለዩ እገዳታት ከተጽንዕ ዝጸንሐት ኣመሪካ፡ ካብቲ ንልዕሊ 5 ሽሕ ኢራናውያን ውልቀሰባትን ትካላትን ኣገዳ ከምዝኣ ይጥቀሱ።



## ስዑዲ-ዓረብ፡ ኣብ ሶርያ ድሕሪ 12 ዓመት ኤምባሲኣ ዳግማይ ከፈታ

ኣብ ከተማ ደማስቆ-ሶርያ ዝርከብ ኤምባሲ ስዑዲ-ዓረብ፡ ን12 ዓመታት ተዓጺዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዳግማይ ስራሕ ንጥፈታቱ ከምዝጀመረ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ሓቢሩ።

ብሰንኪ ምሽሕካር ዝምድናታት ሶርያን ስዑዲ-ዓረብን ተዓጺዩ ከምዝጸንሐ ዝነገረሉ እቲ ኤምባሲ፡ ዳግማይ ምኽፋቱ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ከምዝተመሓየሸ ዘመልክት ምዃኑ ምንጭታት ዜና ሓቢርም።

ብተመሳሳሊ ኤምባሲ ሶርያ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ብወግዒ ከምእተኸፍተ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ሶርያ፡ እዚ ታሪኻዊ መሰረት ዘለዎ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት፡ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ እቲ ዞባውን ዓቢ. ተራ ከምዘህልዎ ገሊጹ።



ድሕሪ'ቲ ኣብ 2011 ንፕረዚደንት ባሻር ኣል-ኣሳድ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ዝተወለዐ ኲናት፡ ኣስታት 14 ሚልዮን ዜጋታት'ታ ሃገር ግዳያት ስደትን ምምዝባልን ኮይኖም ምህላዎም ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ።

## ሰኔጋል - ብሓደጋ ጃልባ 26 ሰባት ጥሒሎም

ኣብ ከተማ ምቡር-ሰኔጋል ብዘጋጠመ ሓደጋ ምጥሓል ጃልባ፡ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ናብ 26 ክብ ከምዝበለ ሓይሊ. ባሕሪ ሰኔጋል ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብታ ልዕሊ. 100 ሰባት ጸዒና ትጎዓዝ ዝነበረት ንእሽቶ ጃልባ ተሳፊሮም ካብ ዝነበሩ ሰባት፡ ናይ ብዙሓት ደሃይ ጠፊኡ ብምህላው፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል እዩ ዝገመት ዘሎ።

ኣብ ምድላይ ሬሳታት ከምኡ'ውን ብህይወት ክጸንሑ ዝኽእሉ ተሳፈርቲ ንምርካብ፡ ሓይሊ. ባሕሪ ሰኔጋል፡ ኣፉራትን ክልተ ዓበይቲ ጀላብን ኣዋፊሩ ከምዘሎ እዩ ተሓቢሩ።

ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስደተኛታት ንኣህጉር ኤውሮጳ ንምስጋር፡ ናብ ገማግም ባሕሪ ሰኔጋል ከምዝኣትዉን ተደጋጋሚ ሓደጋታት ከምዘጋጥሞምን እየም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ፋሚሊ. | 12/9/24 | ጎደና 195፡6 ክባቢ. ባሕቲ መስከረም፡ ጎኒ ቤት መግቢ. ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services